# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA


መበል 29 ዓመት ቁ.65 | ዓርቢ 15 ሕዳር 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ቅልውላው ማይ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ



ገጽ 5
ካይዘን (KAIZEN) ኣብ ዕብየት ስራሕን . . .



ገጽ 6
ክሊማዊ ምምዝባል ቀርኒ - ኣፍሪቃ



ገጽ 8
ንሓንጎልና ንሓግዞ



ገጽ 9
ሰልጠንቲ ግራስ ሩትስ ኣብ ፍረ





## ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከባቢኣን ተኸፊቱ



ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከበባኣን - ንግስነት ስዑዲ ዓረብ፡ ብ13 ሕዳር ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተኸፊቱ።

እቲ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተረኽብሉ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ተመሃሮ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብዘቕረብዎ - ስእላዊ፡ ባህላውን ኣዘናጋዕን መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ።

ሚኒስተር ዑስማን፡ ንትሕዝቶ ፈስቲቫል እናተዘዋወረ ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ንሓቀኛ ምስሊ ማሕበረኮምን ሃገረ-ኤርትራን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ኣብ ምድላው ንዝተሳተፉ ተመሃሮን ኣለይቶምን ሞጎሱ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተወደበ መደባት፡ ብውልቅን ጉጅለን ንዝተዓወቱ፡ ዋንጫታትን ሜዳልያታትን ተዓዲሉ።

## ገልዓሎ - ምጥርናፍ ዓድታት ኣተባባዒ ውጽኢት ሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት - ምጥርናፍ ዓድታት ብስፊሑ ከም እተሰርሓሉ፡ እዚ ድማ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምህናጽ ደራኺ ተራ ከም ዝጸወተ ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማሕሙድ ኢብራሂም፡ ህዝቢ ቀዋሚ መነባብሮ ክህልዎን ተጠቃሚ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክኸውንን ዝተኻየደ ጻዕሪ ወጽኢታዊ ምንባሩ፡ እዚን ብዘበብኡ ዝተሃንጸ - ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዝርግሓ 40 ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ናቱ መርኣያ ከም ዝኾነ ኣረድኡ።

ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ባዱ፡ ገልዓሎ፡ ኢንገል፡ መካዕለን ቡያን ዝርከብ ትካላት ጥዕና፡ ጉድጓ-ጉድጓ'ቲ ሕክምናዊ ኣገልግሎተን፡ ንቕሓት ህዝቢ ኣንጻር ድሑር ልምድታት ንምብራኽ ገዚፍ ኣስተምህሮታትን ከም ዘውደባ ገለጹ።

ጸገም ዝስተ ማይ ፍታሕ ክረክብ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ይዝረብሉ ከም ዘለዉ፡ ማእከል ምምሕዳር'ቲ ንኡስ ዞባ ዝኾነት ሓወሲ ከተማ ገልዓሎ ርእሱውጥን ከም እትዓለው፡ ኣቶ ማሕሙድ ሓቢሩ።

## ኣብ ዓዲ-ኳላን ሰንዓፈን መሃይምነት ገምጋም ተገይሩሉ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላን ሰንዓፈን - ዞባ ደቡብ፡ ኩነታት መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ገምጋም ተገይሩሉ።

ሓላፊ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ መምህር ብርሃ ደብረጼን፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ሸሞንተ ኣጀጣታት ምጥፋእ መሃይምነት ዝመሃሩ 409 ዜጋታት ከም ዘለዉ ብምሕባር፡ እቲ መደብ ዝያዳ ንኽሰስን ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ዞባ ደቡብ መምህር በኣይ ኑርሕሴን ብወገኑ፡ መሃይምነት ዘጥፍኡ ዜጋታት ተጠቐምቲ ናይ'ቲ ዕድል ንምግባርን፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ መምህራንን ጻዕርም ክዛይዱ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣቶ ዓንደማርያም ኣድሓኖም፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ - ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ድማ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ መምህር ኪዳነማርያም ንጉሰ፡ መሃይምነት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ፡ ብምውህሃድ ምምሕዳራትን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲን ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ብሰንኪ ሰበኹሶ'የማዊ መነባብሮን መጋሰ፡ ብፍላይ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ፡ ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ትምህርቲ ዘይጀመሩ ቁልዑ ተለልዮም፡ ዕድል ትምህርቲ ዝረኽብሉ ባይታ ክጣጣሕ መምህር ኪዳነማርያም ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸኽ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካበርቲ ዓድን ወጽኢታዊ ምንባሩ ብምዝካር፡ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ ኣተሓሳሰበ።

## ማእከል - ኣመሓደርቲ 13 ን/ዞባታት ኣብ ጉዳያት ህዝቢ ዘትዮም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንመምርሒ መሰል ጤሳን ኣተሓሕዝኡን ንውዳበ ኮሚቴታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝጋጥም ጸገማት ብዝምልከት፡ ብ13 ሕዳር ኣብ ከተማ ኣስመራ ርክብ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ 13 ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ ዝተረኽብሉ ዘተ፡ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ ኣብ ክርክራት፡ ኣብ ኣወዳድባ ኮሚቴታትን ቅጥዒ ኣቀራርባ ጉዳያትን፡ ክረኣዩ ንዘጸንሑ ሕጽረታት ብኣብነት ዝተሰነየ ጽብጻብ ኣቕሪቡ።

ኣቶ ዘርኢት፡ ወሳኒ ኣብ ዝተዋህቦም ጉዳያት ዳኛማይ ወሳኒ ምዃኑ፣ ግዜኡ ዝሓለፎ ወሳኒ ዳኛማይ ብይግባይ ምምላስ፣ ክርክራት እትሰምዕ ኮሚቲ ካብ ህዝቢ ክትቀውም ተሓቢሩ ኩበቕዕ ዘይምቑም፣ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታት ክረኣዩ ዝጸንሑ ጉድለታት ምኽንያቱም ሓቢሩ።

ዝተወሰኑ ጉዳያት ኣብ ባይታ ከይተተግበሩ ነዊሕ ግዜ ምውሳድን፡ ምቅይያራት ሓለፍቲ ኣብ ዝህልወሉ ግቡእ ምርኽኻብ ዘይምግባርን፡ ገለ ካብ'ቶም ቅልጡፍ ምእራም ዘድልዮም ጉድለታት ምዃኖም እውን ኣገንዚቡ።

ንመሰል መሬት ጤሳን ኣተሓሕዛኡን ኣብ ዝምልከት፡ ኣብ ኣዋጅ መሬት ቁጽሪ 58/1994 - ዓንቀጽ 6፡ ንዜጋታት ዝህቦ መሰልን ግዴታታትን ምሉእ ትሕዝቶኡ ንተሳተፍቲ ተገቢሩሎምን ንኡሳን ዞባታት ንዓኡ ተኸቲለን ክሰርሓ ለበዋ ሓሊፉን።

ተመሳሳሊ ርክብ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት በሪኹ፡ ጋላ-ነፍሒን ሰረጀቃን ክቕጽል ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።





ኣህጉራዊ ጉዳያት

# ቅልውላው ማይ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ

ተስፋኣለም የማነ

## 5ይ ክፋል

### እስራኤል

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝኸፍአ ናይ ማይ ቅልውላው ዘሕለፈት፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ነቲ ቅልውላው ንምፍታሕ ኣብ ዘኽእል ቴክኖሎጂ ነዊሕ ብምስጓም ንኻልኦት ተመሳሳሊ ጸገም ዘለወን ሃገራት ኣብ ምሕጋዝ በጺሓ ዘላ ሃገር - እስራኤል እያ። እዛ ኣስታት 9 ሚልዮን ህዝቢ ዝሓቘፈት ኣይሁዳዊት ሃገር፡ ካብ 22 ሽሕ ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝሓልፍ ስፍሓት መሬት የብላን - ነቲ ካብ ሶርያ ብሓይሊ ድሕሪ ምምንዛዕ ኣብዚ ዓመት'ዚ ብወግዒ ኣካል ልኡላዊ ግዝኣታ ዝገበረቶ ከበሳታት ጎላን ኣብ ግምት ከየእተኻ ማለት'ዩ። ዝበዝሐ ክፋሉ ድማ ኣጻምእ እዩ። ብፍላይ እቲ ደቡባዊ ክፋል መሬታ ምሉእ ብምሉእ ምድረበዳ እዩ። እቲ ዝሓሸ ዝበሃል ምስ ማእከላይ ባሕሪ ዝዋሰን ሰሜናዊ ክፋል መሬታ'ውን እንተኾነ ዓመታዊ ካብ 550 ሚሊ ሜተር ዝሓልፍ ዝናብ ዝረክብ ኣይኮነን።

ንዝበዝሑ ፍልስጤማውያን ብሓይሊ ርስቶም ኣሕዲጋ ናብ ስደት ከምርሑ ብምግዳድ ብዝበዝሓ ሃገራት ዓረብ ከም 'ጸላኢት' እትጥመት እስራኤል፡ ውሕሱት ቀረብ ናይ ማይ ከየረጋገጸት ንኸሉ መዳያዊ ጸቕጢ ሃገራት ዓረብን ካልኦት ተደናገጽቲ ፍልስጤም ዝኾኑ ሓይልታትን ክትብድህ ዘኽእላ ድልዱል ቁጠባ ክትሃንጽ ከም ዘይትኽእል ከሎ ጌና እያ ተገንዚባቶ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ዜጋታታ ግንዛበ ናይ ማይ ንምዕባይ ሰፊሕ ጎስጓስ ከተካይድን ኪኾ'ቲ ተፈጥሮ ዝዓደላ ወሰን ጸጋታት ማይ (ውሓይዝ፡ ቀላያትን ትሕተ-ባይታዊ ማይን)፡ ካልእ ምንጪታት ማይ ከተናድን ወሰነት። ኣብ 1965 ድማ፡ 'ኣይ.ዲ.ኢ. ቴክኖሎጂስ (IDE Technologies) ዝስመዩ ንብዙሓት መሃንድሳት ዝሓቘፈ ኩባንያ ብምቛም፡ ካብ ከም ቴልኣቪቭ ዝኣመሰላ ከተማታት ንዝምንጨ ረሳሕ ፈሳሲ ኣጻርዩ ኣብ ኣገልግሎት ሕርሻን ኢንዱስትርን ዘውዕል ቴክኖሎጂ ንኸተማዕብል ተበገሰ። ድሕሪ ነዊሕ ጻዕሪ ከኣ ተዓዊታትሉ።

ኣብዚ እዋን ኣብታ ሃገር ረሳሕ ፈሳሲ ዘጽርያ ልዕሊ 150 መጻረዪ ትካላት ወይ መሳለጥያታት ኣለዋ። ኣስታት 90 ሚእታዊት ካብ'ቲ ከተማታት እስራኤል ዘመንጭዋኦ ረሳሕ ፈሳሲ ድማ ተጻርዩ ብኾምብቆታት ኣቢሉ ናብቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል'ታ ሃገር ዝርከብ ምድረበዳ ነጌቭን ካልኦት ቦታታትን ብምጉዓዝ ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ይውዕል ኣሎ። እዚ ማለት፡ ሓረስቶት እስራኤል ኣብ መስኖኣዊ ሕርሻ ካብ ዝጥቀምሉ ዘለዉ ዓቐን ማይ፡ እቲ ልዕሊ ሓደ ሰሶ በዚን መሳለጥያታት ዝተጻረየ ረሳሕ ፈሳሲ እዩ። ንኣብነት እቲ ኣብ ወሰናስን ከተማ ቴልኣቪቭ ካብ ዝርከብ 250-300 ሽሕ ህዝቢ ዝነበረለን ቁሸታት ረሳሕ ፈሳሲ ዘጽሪ 'ሻፍዳን' ዝበሃል መሳለጥያ፡ ንበይኑ ዓመታዊ ኣስታት 140 ሚልዮን ሜተር ኩዩብ ዝተጻረየ ማይ ንሓረስቶት ይዕድል። ሓረስቶት ካብ ኩለን መጻረዪ ትካላት ዝረኽብዎ ማይ ዓመታዊ ልዕሊ 400 ሚልዮን ሜትር ኩዩብ ይበጽሕ።



ካብ ረሳሕ ፈሳሲ ተጻርዩ ዝተኸዘነ ጽሩይ ማይ

እዚ ከኣ ንእስራኤል ብደረጃ ዓለም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ የስርዓ። እስጳኛ ድማ፡ 20 ሚእታዊት ካብ ረሳሕ ፈሳሲ ኣጻርያ ኣብ ዳግማይ መዓላ ከተውዕሎ ብምኽኣላ፡ ንእስራኤል ተኸቲላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተቐሚጣ ትርከብ። ኩዩት ግን፡ ረሳሕ ፈሳሲ ንምጽራይ ዝሓተት ሃልኪ ጸዓት ኣዝዩ ልዑል ብምኻኑ፡ እስራኤል ቀሊል ዘይኮነ ወጻኢታት'ያ ትጉብረሉ ዘላ።

እስራኤል፡ ንጨዋም ማይ ባሕሪ እናጻረኻ ኣብ ማስተ ሰብ፡ ሕርሻን ኢንዱስትርን ከም ዝውዕል ኣብ ምግባር እውን ብደረጃ ዓለም መወዳድርቲ ኣይረኸበትን ዘላ። ኣብዚ እዋን፡ ህዝባ ንማስተ ካብ ዝቕርበሉ ዘሎ ጽሩይ ማይ፡ እቲ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ኣብ ገምገም ባሕሪ ካብ ዝተደኮና ትካላት መጻረዪ (desalination plants) ዝምንጨ እዩ። እዘን ትካላት፡ ነቲ ማይ ባሕሪ ብሓገዝ ማይክሮስኮፕ ጥራይ ክርአ ብዘኽእል መናፊት ዘለዎ ሻምብቆታት እናጸሞቓ እየን ዘጽርያኦ። እዚ ማለት፡ እቲ ጨዋም ማይ በቲ ደቂቕ መናፊት ክሓልፍ እንከሎ፡ እቶም ፍርያይ ዝበሉ ሞሌኩላት ናይ ጨው ኣብኡ ይተርፉ። ካብ ከተማ ቴልኣቪቭ 15 ኪሎ ሜተር ንደቡብ ርሒቑ ኣብ 100 ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ዝሰፍሓቱ ቦታ ተደኪኑ ዝርከብ 'ሶረክ' ዝተባህለ መጻረዪ፡ ብደረጃ ዓለም እቲ ዝዓበየ ከም ዝኾነ'ዩ ዝንገረሉ። መዓልታዊ ከኣ 624 ሽሕ ሜትር ኩዩብ ማይ እናጻረየ ንከተማ ቴልኣቪቭን ከባቢኣን ይምግብ። ብኻልእ ኣዘራርባ ድማ፡ ን20 ሚእታዊት ዘቤታዊ ጠለብ ማይ እስራኤል የማልእ። ብሓፈሻ እስራኤል ካብዘን ተኺላተን ዘላ ሓሙሽተ መጻረዪታት፡ ዓመታዊ ብድምር ልዕሊ 670 ሚልዮን ሜትር ኩዩብ ጥዑም ማይ ትረክብ ኣላ።

እስራኤል፡ ኣብ 2025 ካብ ባሕሪ ዓመታዊ 1.1 ቢልዮን ሜትር ኩዩብ ማይ ንምጽራይ ብዘለዋ ትልሚ መሰረት፡ ተወሰኽቲ መጻረዪ ትካላት ኣብ ምህናጽ ትርከብ። ሓደ ካብኡ፡ 276 ሚልዮን ዶላር ባጀት ዝተመደበሉ ኩዩት፡ ዕላማኡ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ዓመታዊ 100 ሚልዮን ሜተር ኩዩብ ማይ ጨው እናጻረየ ናብ ቀላይ ገሊላ ንምጭንጓዕ እዩ። እስራኤል፡ እቲ 162 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝሰፍሓቱ ቀላይ ብሰንኪ ተኸታታሊ ደርቂ ምልኣቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናጉደለ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ናብ ክስተ ዘይክእል ጨዋም ከይልወጥ ስግኣት ኣለዋ። ተመራመርቲ'ታ ሃገር፡ እቲ ቀላይ ምልኣቱ እናንቈልቈለ ኣብ ቀይሕ ሕንጻጽ እንተ በጺሑ፡ ካብ ባሕሪ ጨዋም ማይ ዘሪቑ ክኣትዎ ስለ ዘኽእል፡ ንሓዋሩ ኣብ ማስተ ሰብ ይኹን ሕርሻ ክውዕል ኣብ ዘይክእለሉ ሓደጋ ከይወድቕ ከጠንቅቑ ጸኒሖም እዮም። እዚ ሕጂ ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝርከብ መጻረዪ ትካል ግን፡ ነዚ ስግኣት'ዚ ብመጠኑ ከወግድ ትጽቢት ከም ዝግበረሉ ሰብ-መዚ'ታ ሃገር ይሕብሩ።

በኸሪ መራሒ እስራኤል ዝነበረን ኣብ ታሪኽ ምምስራት'ታ ሃገር ዓቢይ ቦታ ዘለዎን ዳቪድ በን-ጎርዮን፡ ነቲ ዝዓበየ ክፋል መሬት እስራኤል ዝሸፍን ደቡባዊ ምድረበዳ ናብ ሓምላይ ንምቕያር ካብ ዝበሮ ራእይ ተበጊሱ፡ ካብ ቀላይ ገሊላ (ሰሜን እስራኤል) ኣስታት 130 ኪሎ ሜተር ተጓዒዙ ናብቲ ምድረበዳ (ደቡብ እስራኤል) ማይ ዝጭንጕዕ ብ'National Water Carrier' ዝፍለጥ ዓቢይ መስመር ሻምብቆ ናይ ምዝርጋሕ ስትራተጂያዊ ፕሮጀክት ኣብ 1953 ኣበጊሱ። ኣብ 1964 ድማ ህንጸቱ ተዛዚሙ ስርሑ ጀሚሩ። እቲ ልዑል ገንዘባዊ ወጻኢታት ዝሓተተን ልዕሊ 4 ሽሕ ሰራሕተኛታት ዝተሳተፉዎን መስመራት ሻምብቆ ማይ፡ መዓልታዊ 1.7 ሚልዮን ሜተር ኩዩብ ማይ ክጭንጕዑ ጀሚሩ። ከም ውጽኢቱ እቲ 'ምውት መሬት' ተባሂሉ ዝግለጽ ዝነበረ ምድረበዳ ዝተፈላለየ ኣሕምልትን ፍሩታታትን ክለምዕ ጀሚሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ እስራኤል ንዘቤታዊ ጠለባት ኣማሊኣስ ንሰደድ ዝኸውን ትርፊ ምህርቲ ከተፍሪ ክኢላ።

ዓቐን ማይ ናይቲ ቀላይ እናንቈልቈለ ምስ መጸአ ግን፡ እስራኤል ካብ ባሕርን ረሳሕ ፈሳስን ጽሩይ ማይ ናይ ምጽራይ መደባት ዘያዳ ክትደፍኣሉ ተገዲዳ። ኣብዚ እዋን፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ዝበዝሕ ናይ ማይ ቀረባ ካብ ባሕርን ረሳሕ ፈሳስን ዝምንጩ ኩዩት ኣሎ። እዚ ማለት ድማ፡ እቲ ካብ ባሕሪ ገሊላ ዝጭንጓዕ ዝነበረ ዓቐን ማይ ኣዝዩ ዝኑይ ኣሎ። እስራኤል፡ ኣብ ቀጻሊ ካብቲ ቀላይ ማይ ምጥቃም ምሉእ ብምሉእ ደው ከተብሎ'ዩ መደባ - ንጸገክር እዋን መታን ክኸውን። የግዳስ፡ ካብቲ ቀላይ ናብታ ጐረቤታ ዝኾነት ዮርዳኖስ ማይ ምጭንጓዕ ኣይክተቋርጾን እያ። ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ኣካል ናይተን ክልተአን ሃገራት ኣብ 1994 ዝኸተማኦ ውዕል ሰላም ስለ ዝኾነ። በቲ ውዕል ሰላም መሰረት፡ እስራኤል ንታ ብሕጽረት ማይ እትሳቐ ዘላ ዓረባዊት ሃገር ዓመታዊ 50 ሚልዮን ሜተር ኩዩብ ማይ ካብቲ ቀላይ ከም እትልእከላ'ዩ ዝነገር። ምስ ግዜ፡ ነቲ ትልእኮ ዓቐን ማይ ክብ ብምባል፡ ምስታ ሃገር ኣብ ካልእ ጉዳያት ስምምዕ ንምኽታም ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል'ውን ገለ ናይ ፖለቲካ ተንተንቲ ይገልጹ።

ይቕጽል

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 1፡45 | ዶክመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ሰናር |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ብቐጥታ |
| 15:30 | ሙ/ድራማ |
| 16:10 | ዶክመንታሪ |
| 17: 00 | ዜና ትግርኛ |
| 17: 20 | ሙ/ድራማ |
| 17: 30 | ዜና ዓረብ |
| 17: 40 | መደብ ሞዛይክ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ቴራብ /ገለብ ድሓን ብቐጥታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

*ብኻልኣይ መስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።*
*ቦዝንያ ምስ ኢጣልያ ሰዓት 10፡45 ምሸት።*




ሱሌማን ኣሕመድ

# መዓልቲ ሕማም ሽኮር - 14 ሓዳር

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕማም ሽኮር - ኣብ 14 ሕዳር እያ እትዝከር። ነዛ ዕለት፡ ልዕሊ 200 ኣባል ሃገራትን ዝተፈላለያ ማሕበራትን ብሓባር ዘከረንኣ ይውዕላ። ሎሚ ዓመት እዛ ዕለት ብደረጃ ዓለም ንመበል 29 ግዜ፡ ብሃገር ደረጃ ድማ "ስድራቤትን ሕማም ሽኮርን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንመበል 19 ግዜኣ ትማሊ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ከተማ ባረንቱ ብድምቀት ተዘኪራ ወዒላ።

ዕላማታት ምዝካር ናይዛ ዕለት፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታት ሕሙማትን መላእ ሕብረተሰብን ዘሎ ኣፍልጦ እዚ ሕማም ንምዕባይ ኮይኑ፡ ኣብ ምልውዋጥ ተመክሮ ዘድሃበ ሰፋሕቲ ጎስጓሳዊ መደባት ጥዕና ምኽያድ እዩ።

ሃገራዊ ማሕበር ሽኮርያ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ጥዕና ብ1998 ብወግዒ ተመስሪቱ። ዓመት መጺ ድማ ንመዓልቲ ሕማም ሽኮር ብኹብ ዝበለ መልክዕ ይዝክራ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ ሕማም ሽኮር እንታይ እዩ? ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ክገብሮ ዘለዎ ጥንቃቐታትን ክወስዶም ዝግበኦ ዝበለጹ መግቢታትን ወዘተ ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ኣተኩርና ኣሰዒብና ዘርዚርና ኣለና፡ ሰናይ ንባብ!

ሕማም ሽኮር እንታይ እዩ?

ሓይሊ ዝህብ መግቢ ካርቦሃይድሬድ ኮይኑ፡ ኣብ ማሰርሒ ምሕቃቕ መግቢ ተሰቢሩ ዋህዮታትና ክጥቀመሉ ናብ ዝኽእሉ ናብ መውዳእታ ደረጃ ናብ ግሉኮዝ ተዓቂቡ ንሰራሕ ድሉው ክኸውን እንክሎ እዩ።

ኢንሱሊን ድማ ንበር ዓቐን ሽኮር - ግሉኮስ ኣብ ደም ዝሕሉ ዓይነት ነዞዒ (ሆርሞን) ኢዩ። ካብ ቆሰጠ (pancreas) ዝተባህለት ጸኪ ይኻዘዕ። ጥዕና ቆሰጠ ምስ ዝሰናኸል፡ ነዞዒ ኢንሱሊን ሆርሞን ይሰናኸል'ሞ፡ እቲ ግሉኮዝ ተቓጺሉ ኣብ ጥቕሚ ዋህዮታት ኣይውዕልን። ስለዚ፡ እቲ ዝግባእ ሓይልን መቑትን ኣይንረኽብን። ዓቐን ግሉኮዝ ኣብ ደም ድማ፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ይኸውን'ሞ፡ ሕማም ሽኮር ይገጥድ።

ኣብ ዓለም ኣስታት 422 ሚልዮን ህዝቢ ሕማም ሽኮርያ ከም ዘለዎምን ዓመታዊ ከኣ ልዕሊ 1.6 ሚልዮን ከም ዝሞቱን ይግመገም። ኣብ 2030 ብዕጽፊ ክወሰኽ ከም ዝኽእል ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ይእምት።

ዓይነትን ዓቐንን ሕማም ሽኮር

* ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር፦ ጸኪ ቆሰጠ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ነዞዒ ኢንሱሊን ምፍራይ ምስ እተቋርጽ ዘጋጥም ሕማም እዩ። ምልክታቱ ድማ ሃንደበት ይኸሰት።

* ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮር፦ እዚ ጸኪ ቆሰጠ ኢንሱሊን ተንዝዕ'ኳ እንተኾነት፡ ኣካላትና ነቲ ኢንሱሊን ብዝግባእ ስለ ዘይተጠቕምሉ ወይ እቲ ዝዝዘዕ ኢንሱሊን ስለ ዝውሑደ ዝርአ ዓይነት ሕማም ሽኮር እዩ። ምልክታቱ ኸኣ ዘይምታዊ እዩ።

* ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝኸሰት ዓይነት ሕማም ሽኮር፦ ቅድሚ ጥንሲ ካብ ዝነበረ ዓቐን ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ ልዒሉ ምስ ዝርአ ዓይነት ሕማም ሽኮር እዩ።

ምልክታት ሕማም ሽኮር - ቀቀልጢፍካ ብዙሕ ምሻን፡ ቀቀልጢፍካ ምጥማይ፡ ተደጋጋሚ ብርቱዕ ጽምኢ፡ ምጉዳል ሚዛን ሰብነት፡ ሕውዝውዝ ምባልን ቀጻሊ ድኻምን ክኾኑ እንክለዉ፣ ጠንቅታቱ ድማ ምኽራሽ፡ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ጽሕጊ/ገሬል ዘለዎም ዝተመጣጠኑ መግብታት ዘይምዝውታር ... ወዘተ እዮም።

ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ኣመጋግባኡ ዘርእዮ ተገዳስነት እቲ ማሰረታዊ ፍወሳ እዩ። ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ኣብ ዓይነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዓቐን መግብን ግዜ ኣመጋግባን ክግደስ ከም ዘለዎ እዩም ሓኪይም ዘጽንዑ። ጽሕጊ (fiber) ዘለዎም ኣሕካል፡ ሓደስቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ምምጋብ፡ መዓልታዊ በብግዚኡ ካብ ክልተ ሊትሮ ዘይውሑድ ማይ ምስታይ ነቲ ሕማም ካብ ዝሰማማዕ ሜላ ኣመጋግባ ክኸውን ኣንክሎ፡ ኣብ ንቡር ኩነታት ናይቲ ግዳያት ብቐልጢፍ ሓቒቕም ሽኮር ከምንጭው ካብ ዝኽእሉ ከም ተምራ፡ ጸዕዳ ሽኮርን መዓርን ካብ ምውሳድ ምሕራም ይግባእ።




ምቁጽጻር ሕማም ሽኮር

=> ኣብ ፍወሳ ሕማም ሽኮር፡ እቲ ግዳይ ብዛዕባ'ቲ ሕማም እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ እቲ መሰረታዊ ነጥቢ እዩ።

=> ሕማም ሽኮር ሓንሳብ ምስ ሓዘካ ክትነብሮ'ምበር ክሓዊ ከም ዘይክእል ሕሙም ብግቡእ ክርድኦ ይግባእ።

=> ቀጻሊ ጽሬት ኣካላት ምኽያድ፡ ጥራይ እግርኻ ዘይምንቅስቓስ፡ ቅድሚ ድቃስ ኣእጋር ብልቡጥ ማይ ምሕጻብን ምድህሳስን፡ ዓይነት ጫማ ምምራጽ፡ ጸፍሪ ኣጻብዕቲ ብጥንቃቐ ምስዳስድ፡ ቀጻሊ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራታት ምኽያድን ካልእን የጠቓልል።

ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ፡ መጠን ናይቲ ዘድልዮ ጸዓት ንምርካብ ጥራሕ ክምገብ እዩ ዘለዎ። ሓደ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ብማእከላይ ገምጋም ካብ 1200 ክሳብ 2400 ኪሎ ካሎሪ ኣብ መዓልቲ ክረኽብ ኣለዎ። እዚ ምስ ጾታን ግዝፍን ኣካላት ይፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ተረኺብ ኢልካ ብዙሕ ምምጋብ ግና ንጥዕናኻ መለሱ ከም ዝከድእ ኣይትረስዕ።

ሓይሊ ዝህቡ መግብታት ከም ሩዝ፡ ፓስታ፡ ቅጫ፡ ባኒ፡ ጣይታ ወዘተ ዝኣመሰሉ መግብታት ዝበዝሐ ክፋል ዕለታዊ መግብኻ ኣብ እዋን ቁርሲ ክኸውን እንክሎ፡ ኣብ እዋን ምሳሕን ድራርን ኣሕምልቲ ብብዝሒ ክትምገብ ተመራጺ ይኸውን።

ሕማም ሽኮር ሓደገኛ ካብ ዝገብሮ ምኽንያት ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብምዃኑ እዩ። ሕማም ሽኮር ጠንቂ 'ኬቶ ኣሲዶሰስ' (keto acidosis)፡ ዋሕዲ ሽኮር ኣብ ደም (hypoglycemia)፡ ሕማም ዓይኒ፡ ሕማም ኩሊት፡ ምቑራጽ መሓውር፡ ረኽሲ ኣሰናንን ግርጻንን፡ ምቑሳል ቆርበት፡ ሕማም ልብን ሓንጎልን፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ካልእን እዩ።

ኣብ ሕማም ሽኮር ኣእጋርና ሓያሎ ምልክታት እዩ ዝህባ። ስለዚ ኣእጋርና፡ ክሳብ መንጎ ኣጻብዕትና፡ ብኹሉ ወገናቶም ብዝግባእ ክንምርምሮን ክንዕዘቦን ኣገዳሲ እዩ። ዝለምለመ፡ ዝተረረ፡ ዝሓበጠ፡ ዝረኸሰ፡ ሕብሩ ዝቐየረ፡ ዝተኼዳደደ ወይ ዝሓርፈፈ ዘይንቡር ተርእዮታት ከይህሉ ኣእጋርካ ብዝግባእ ክትዕዘቦ የድሊ።

ኣስተብህል! ብደረጃ ዓለም ኣብ ዓመት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ሕማም ሽኮር መሓውሮም ይቝረጹ። ስለዚ፡ ሓደ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ናብ ዓራት ቅድሚ ምድያቡ መዓልታዊ እእጋሩ ብግቡእ ክድህሶም ይግባእ። ኣብ ገዛ ኣብ ዝህልወሉ እዋን'ውን ብዘይ ጫማ ክንቀሳቐስ የብሉን። ምስቲ ሕማም ዝሰይድ ገፊሕ፡ ታኮ ዘይብሉ፡ ምቹእ ናይ ቆርበት ጫማ ክወዲ ይግባእ።

ሕማም ሽኮር ንዘለዎም ሰባት ዝበለጹ መግብታት

= ስገም፦ ብዘተጨፈጨፈ ስገም ዝተዳለወ ሹርባ ምምጋብ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ብ70 ሚእታዊት ናይ ምጉዳል ተኽእሎ ከም ዘለዎ ዝተኻየዱ መጽናዕታት ኣረጋጊጾም። ስገም ብጽሕጊ ካብ ዝሃብተሙ ዓይነታት ኣእካል ሓደ ብምዃኑ፡ መጠን ሽኮር ኣብ ደም ንሃዊሕ ሰዓታት ጉዱሉ ንኽጸንሕ ይሕግዝ።

= ጥረታት፦ ባልደንጓን ዓተርን ዝኣመሰሉ ጥረታት ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ ኣለዎም። እዞም ጥረታት እኹል ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘለዎም ብምዃናም'ውን መጠን ሽኮር ኣብ ደም ትሒቱ ንኽጸንሕ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎም።

= እንቋቑሖ (ብመጠኑ)፦ እንቋቑሖ ልዑል ፕሮቲን ስለ ዘለዎ፡ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት ብመጠኑ ክወስድዎ ምስ ዝኽእሉ ቀልጢፉ ጥሜት ከይሰምዖም ይገብር። በዚ ድማ ኣብ ደም ናይ ዝህሉ መጠን ሽኮር ክጎድል ይሕግዝ።

= ዓሳ፦ ሕማም ሽኮር እቲ ቀንዲ ዘስዕቦ ጸገም ናይ ልቢ ጸገም እዩ። ዓሳ ምምጋብ፡ ኣብ ክልተ ሰሙን ሓንሳብ'ውን እንተኾነ፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ጸገም ናይ ልቢ ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎ ብ40 ሚእታዊት ከም ዝጎድል ይገብሮ። ስለዚ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት ዝበለጸ ጥዕና ክረኽቡ ዓሳ ምምጋብ ከዘውትሩ ተመራጺ ከም ዝኾነ ክኢላታት ስነ መግቢ የስምሩሉ።

= ዘይቲ ኣውሊዕ፦ ዘይቲ ኣውሊዕ ጸረ-ምቅጻል (anti inflammatory) ባህሪ ኣለዎ። ስለዚ ንሕማም ሽኮርን ልብን ናይ ምቅላስ ጠባይ ኣለዎ ማለት እዩ።

= ምቁር ድንሽ፦ ኣብ ክንዲ ድንሽ ምቁር ድንሽ ዘለዎ መግቢ ምብላዕ ኣብ ደም ዝህሉ መጠን ሽኮር ብ30 ሚእታዊት ንኽይድይብ ይሕግዝ። ምቁር ድንሽ ብጽሕጊ ዝበልጸገ ዓይነት መግቢ እዩ። ኮሌስትሮል ኣብ ምጉዳልን ምሕቃቕ መግቢ ብንጥፈት ንምኽያድን ይሕግዝ። ብ'ካሮቲኖይድ' (carotenoids) ዝሃብተመ ብምዃኑ ድማ ሰብነትና ንኢንሱሊን ብቐጻቢት ግብረ መልሲ (insulin respond) ንምሃብ የኽእል።

## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ሕማም ኣንቅጺ

ሚኒስትሪ ጥዕና ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ በብእዋኑ ዘተኣታትዎ ዘሎ ክታበት መከላኸሊ ዝተፈላለዩ ተላባዕቲ ሕማማት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ ክልተ ገጻት፡ ኣብ ሕዳርን ታሕሳስን 2019፡ ዝትግበር ሓድሽ ክታበት ጸረ-ኣንቅጺ ኣብ መላእ ሃገር ክህብ እዩ።

### ሕማም ኣንቅጺ

⁜ ረቒቕ ሽፋን ሓንጎልን ዕትብቲ ዓንዲ ሕቕን፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ታህዋስያን ተጠቒዑ ኣብ ዝንድረሉን ዝረኽሰሉን እዋን ዝረአ ኣሰንካልን ቀታልን ሕማም'ዩ።

⁜ ኣብ ሽማግለታት ዝያዳ ድማ ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን ይረአ፡ ብመንጽሩ ድማ ቅልጡፍ ረዲኤት እንተዘይረኺቡ ኣብ ውሽጢ (24 - 48) ሰዓታት ክቐትል ዝኽእል ሕማም'ዩ።

⁜ ሓድሽ ክታበት ጸረ-ኣንቅጺ ኣብ ክሊ ዕድመ (ካብ1 - 30 ዓመት) 70% ካብ ቁጽሪ ህዝቢ ኤርትራ ክወሃብ'ዩ።

⁜ ኣብ'ዚ ክሊ ዕድመ ዘለዋ ነብሰ-ጾራትን ኣጥበውትን፡ እዚ ክታበት ኣንቅጺ ይምልከተን'ዩ።

⁜ ክታበት ጸረ-ኣንቅጺ ውሕስነት ምሉእ ዕድመና'ዩ፡ ንኸተብ!

⁜ ጸረ-ኣንቅጺ ዝተኸትባ ደቀንስትዮ፡ ካብኣን ዝውለዱ ህጻናት ካብ ኣንቅጺ ናጻ ኮይኖም ይውለዱ!

⁜ ብተወሳኺ ኣብ'ዚ ናይ ክታበት ወፍሪ፡ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፡ ኣብ ኩሉ ዕብየት ሰብነቶምን ምክልኻል ረኽስን ዝሕግዝ ቫይታሚን "ኤ" ክወሃቦም'ዩ። ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመ ዝበጽሑ ኸኣ ኣብ ሽሽዱሽተ ወርሒ ክወስዱዎ ይግባእ።

⁜ ከም ኣብ ኩሎም ድሕሪ ክታበት ክረኣዩ ዝኽእሉ፡ ገለ ገለ ስምዒታትን ምልክታትን፡ ኣብ ክታበት ኣንቅጺ'ውን ክረአ ስለዝኽእል፡ ከተብቲ ዝህቡና ሓበሬታ ኣድህቦ ክንገብረሉን ክንተግብሮን ይግባእ።

እዚ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት፡ ከም ዝሓለፈ ዓመት ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩበላን ብዓወት ንኽዛዘም፡ ኩሎም ዝምልከቶም ሰባት፡ ሚኒስትሪታት፡ ዞባታት፡ ምምሕዳራት፡ ማሕበራት፡ ሃይማኖታውያን ትካላትን ካልእን፡ ብሓፈሻ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ ኩሉ መዳይ ምሉእ ተሳትፎ ክወሃህድ ድማ ሚኒስትሪ ጥዕና ይጽውዕ!!

*"ስድራቤትና ምትን ዘህብ ሕማም ኣንቅጺ ብኽታበት ንከላኸሎ"*

*ሚኒስትሪ ጥዕና*

## ሕጊ ንስኻትን ዕብየትን

ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳሎ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

# ውሕስነት

ካልኣይ ክፋል

ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ ዓምዲ “ሕጊ ንስኻትን ዕብየትን” ዝሓለፈ ሰሙን ንውሕስነት ኣመልኪቱ ሓፈሻዊ ትርጉም፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ሲቪላዊ ጉዳያት ኣገዳስነት ውሕስነት፣ ምምስራት ውዕል ውሕስነትን ዓይነታት ውሕስነትን ዝምልከት ጽሑፍ ቀሪቡ ምንባሩ ይዝከር። ከም መቐጸልታ ዝምድና ተዋሳእቲ ኣብ ውዕል ውሕስነትን ምቁራጽ ውዕል ውሕስነት ዝምልከት ጽሑፍ ንለሚ ኣቕሪብና ኣሎና። ሰናይ ንባብ።

### ዝምድና ተዋሳእቲ ውዕል ውሕስነት፣

ኣብ ውዕል ውሕስነት ብሓፈሻ ሰለስተ ኣካላት ይዋሰኡ። ንሳቶም ከኣ ቀንዲ ኣዋዲ፣ ቀንዲ ተኣዋድን ዋሕስን እዮም። ውዕል ውሕስነት ኣብ መንጎ እዞም ኣካላት ሕጋዊ ተፈጻምነት ዘለዎ ውጽኢት ይፈጥር። ውዕል ውሕስነት ኣብ መንጎ ዋሕስን ቀንዲ ተኣዋድን ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ ዋሕስን ቀንዲ ኣዋድን ዝፈጥሮ ሕጋዊ ውጽኢት ከምዚ ዝስዕብ ይቐርብ።

### (ሀ) ዝምድና ዋሕስን ቀንዲ ኣዋድን፣

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝቐረበ ጽሑፍ ከም ዝተገልጸ፣ ውዕል ውሕስነት ዋላውን ብዘይ ኣፍልጦ ተኣዋዲ ኣብ መንጎ ዋሕስን ቀንዲ ኣዋድን ክፍጸም ከም ዝኽእል ርኢና ኔርና። በዚ መሰረት ቀንዲ ተኣዋዲ ክፍጽሞ፣ ክኸፍሎ ወዘተ ንዝጠሓእ ሕጋዊ ግዴታ ኣብ ክንዳኡ ኮይኑ ዋሕስ ንረብሓ ቀንዲ ኣዋዲ ክፍጽም፣ ክኸፍል፣ ወዘተ ይሰማማዕ። ከም ዝኾነ ካልእ ሕጋዊ ውዕል፣ ውዕል ውሕስነትውን ኣብ መንጎ ቀንዲ ኣዋድን ዋሕስን ብሕጊ ተፈጻሚ ዝኾነ ውጽኢት ይፈጥር። ንዝምድና ዋሕስን ቀንዲ ኣዋድን ዘማእዝን ሕጋዊ ውጽኢት ውዕል ውሕስነት ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት የጠቓልል።

* ንምፍጻም ውዕል ብዝምልከት ቀንዲ ኣዋድን ቀንዲ ተኣዋድን ዝተሰማምዑሉ ግዜ ምፍጻም ቅድሚ ምእኻሉ ዋሕስ ንግዴታ ቀንዲ ተኣዋዲ ክፍጽም ወይ ክተግብር ኣይግደድን። ዋሕስ ኣብ ክንዲ ቀንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ክኸፍል ወይ ክፍጽም ክሰማማዕ ከሎ፣ ብመሰረት ቀንዲ ተኣዋዲ ምስ ኣዋዲ ዝገበሮ ውዕል (ስምምዕ) እምበር ብመሰረት ውዕል ውሕስነት ዋሕስ ዝኸበደ ሓላፍነት ወይ ግዴታ ኣይስከምን። ንኣብነት ቀንዲ ተኣዋዲ ውዕል ካብ ዝተፈረመሉ ዕለት ዝሕሰብ ኣብ ውሽጢ 180 መዓልታት ውዕላዊ ግዴታኡ ክፍጽም እንተተሰማሚዑ፣ እዚ ናይ 180 መዓልታት ቅድሚ ምእኻሉ ኣብ ዘሎ መዓልታት ዋሕስ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ንውዕላዊ ግዴታ ክፍጽም ኣይግደድን።

* ብመሰረት ውዕል ውሕስነት ምፍጻም ወይ ምትግባር ዕዳ ቀንዲ ተኣዋዲ ክበሃል ከሎ ቡቲ ዕዳ ንዝስዕብ ወለድውን የጠቓልል። በዚ መሰረት ዋሕስ ንወለድ ናይቲ ዕዳ ክኸፍል ብምባል ብንጹር እኳ እንተ ዘይተሰማምዐ፣ ወለድ ከም ኣካል ናይቲ ዕዳ ተሓሲቡ ዋሕስ ቀንዲ ዕዳን ወለድን ክኸፍል ሕጊ የገድዶ። ይኹን እምበር ቀንዲ ዕዳን ወለድን ተደሚሩ ልዕሊ ካብቲ ዋሕስ ክፍጽሞ ወይ ክተግብሮ ብምባል ኣቕዲሙ ዝተሰማምዓሉ ዕዳ ቀንዲ ተኣዋዲ ክዛይድ የብሉን። ንኣብነት ቀንዲ ዕዳ ተኣዋዲ ናቕፋ 10,000 ኮይኑ፣ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ርእሲ እዚ ዕዳ ወለድ ምስ ዝውሰኾ ዋሕስ ነቲ ቀንዲ ዕዳን ሕጋዊ ወለዱን ይኸፍል። ምናልባት ግና ኣብ ውዕል ውሕስነት ዋሕስ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ዝኸፍሎ ዝለዓለ መጠን ናቕፋ 10,000 ተባሂሉ ብንጹር እንተተገሊጹ፣ ዋሕስ ልዕሊ እዚ ኣቕዲሙ ዝተገለጸ ዝለዓለ መጠን ውሕስነት ክኸፍል ኣይግደድን።

* ቀንዲ ኣዋዲ ኣብ ልዕሊ ቀንዲ ተኣዋዲ ዝኾነ ሕጋዊ ክሲ ምስ ዘቕርብ ዋሕስ ንወጻኢታት ናይዚ ክሲ ኣብ ክንዲ ቀንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ኣለዎ። ወጻኢታት ዳንነት ልዕሊ እቲ ዋሕስ ኣብ ክንዲ ቀንዲ ተኣዋዲ ክኸፍሎ ዘሰማምዓሉ መጠን እንተኾነውን ዋሕስ ብሕጊ ክኸፍሎ ይግባእ። ዋሕስ ንወጻኢታት ዳንነት ክኸፍል ዝግደድ ቀንዲ ተኣዋዲ ዕዳኡ ንክኸፍል ወይ ውዕላዊ ግዴታኡ ክተግብር ብምባል ብወገን ቀንዲ ኣዋዲ ሕጋዊ ስምዕታ ምስ ዝበጽሖ ጥራይ እዩ። ቀንዲ ተኣዋዲ ቅድሚ ብኽሲ ኣብ ሕጊ ምቕራቡ ከምዚ ዝበለ ሕጋዊ ስምዕታ እንተ ዘይተዋሂብዎ ግና ዋሕስ ንወጻኢታት ዳንነት ክኸፍል ኣይግደድን።

.ቀንዲ ተኣዋዲ ምስ ቀንዲ ኣዋዲ ንዝፈጸሞ ውዕል ብዝምልከት ኣንጻር ቀንዲ ኣዋዲ ክልዕሎ ዝኽእል ዝኾነ ናይ መከራኸሪ ሓሳብ (ነጥቢ) ዋሕስውን ኣልዒሉ ክከራኸረሉ ሕጊ ይፈቕደሉ። ኣዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ዋሕስ ብዝፈጸሞ ውዕል ውሕስነት ንረብሓ ቀንዲ ኣዋዲ ኣመልኪቱ ልክዕ ከም በዓል ዕዳ ስለ ዝሕሰብ እዩ። ንኣብነት ኣብ መንጎ ቀንዲ ኣዋድን ተኣዋድን ዝተፈጸመ ውዕል ብሕጊ ዝተገለጸ ናይ ምፍጻም ደረት ግዜኡ ዝሓለፈ ምስ ዝኸውን፣ ተኣዋዲ ውዕላዊ ግዴታኡ ኣየማልአን ተባሂሉ ኣብ ክንዳኡ ዋሕስ ምስ ዝሕተት ንደረት ግዜ ጠቒሱ ምጉት ክቕርብ ይኽእል። ይኹንእምበር ዋሕስ ንኩነታት ተኣዋዲ እንዳፈለጠ ንዝኣተዎ ውዕል ንጉድለት ተኣዋዲ ከም መከራኸሪ ክቕርብ ኣይክእልን። ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ውዕላዊ ግዴታ ኣብ ዝተሰከመሉ ውዕል ቀንዲ ተኣዋዲ ትሕቲ ዕድመ ምዃኑ እንዳፈለጠ ኣብ ክንዳኡ ውዕላዊ ግዴታ ክፍጽም ዝተሰማምዐ ዋሕስ፣ ክኸፍል ምስ ተሓተተ ቀንዲ ተኣዋዲ ትሕቲ ዕድመ ስለ ዝኾነ ኣይከፍልን ዝብል ምጉት ክቕርብ ኣይክእልን።

* ዝተፈጸመ ውሕስነት ቀሊል (ተራ) ውሕስነት እንተኾይኑ ኣብ ክንዲ ቀንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ዋሕስ ዝሕተት ቀንዲ ተኣዋዲ ክኸፍል እንተዘይክኢሉ ጥራይ እዩ። በዚ መሰረት ቀንዲ ተኣዋዲ ክኸፍል እንተ ዘይከኣለውን ዋሕስ ብመሰረት ውዕሉ ክኸፍል ቅድሚ ምግዳዱ ንብረት ቀንዲ በዓል ዕዳ መኸፈሊ ዕዳ ከም ዝኸውን ክገብር ይኽእል። ንኣብነት ቀንዲ ተኣዋዲ ዕዳኡ ዝኸፍለሉ እዋን ኣኺሉ ኩብቅዕ ክፍሊት ግና ኣይፈጸመን። ስለዚ ዋሕስ ኣብ ክንዲ ቀንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ክኸፍል እንተ ተሓቲቱ፣ ንብረት ተኣዋዲ ዝኾነ ኣብ ባንክ ዝርኩብ ገንዘብ ወይ ካልእ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት በዓል ዕዳ ምህላዉ ብምግላጽ እቲ ዕዳ ኣቕዲሙ ካብዚ ምንጪ ንክኽፈል ክሓትት ይኽእል። ብኣንጻሩ ዝተፈጸመ ውዕል ውሕስነት ሓባራዊ እንተኾይኑ ግና ኣዋዲ ብምርጫኡ ንቀንዲ ተኣዋዲ ከይሓተተውን ብቐጥታ ንዋሕስ ክኸሶ ስለ ዝኽእል ዋሕስ ኣቕዲምካ ብንብረት ተኣዋዲ ተጠቐምካ ገንዘብካ ርኸብ ክብል ኣይክእልን።

* ኣብ መወዳእታ ዋሕስ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ንዕዳ ተኣዋዲ ከፊሉ ምስ ዘውድእ፣ ኣዋዲ ብመሰረት ውዕሎም ኣብ እጁ ታኡ ንዝኣተወ ኩሎም ሰነዳት ተኣዋዲ ነቲ ዕዳ ጠቒሊሉ ንዝኸፈለ ዋሕስ የረክቦም። ንኣብነት ኣብ ርእሲ ውሕስነት ኣዋዲ ከም ትሕጃ ንተሸከርካሪት ተኣዋዲ ሒዙ እንተጸኒሑ፣ ዋሕስ ንዕዳ ተኣዋዲ ኣጠቓሊሉ ምስ ከፈለ ኣዋዲ ከም ትሕጃ ሒዝዎ ናይ ዘጸንሖ ንብረት ሰነዳት ካብ ኣዋዲ ክረክቦም ሕጊ ይፈቕደሉ።

### (ለ) ዝምድና ዋሕስን ቀንዲ ተኣዋድን፣

ውዕል ውሕስነት ኣብ መንጎ ዋሕስን ቀንዲ ተኣዋድንውን ሕጋዊ ውጽኢት ይፈጥር። እዚ ሕጋዊ ውጽኢት ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት የጠቓልል።

ዋሕስ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ንኹሉ ዕዳ ተኣዋዲ ከፊሉ ምስ ዘውድእ፣ ዋሕስ ምስ ቀንዲ ተኣዋዲ ዝህልዎ ሕጋዊ ርክብ (ዝምድና) ልክዕ ከም ቀንዲ ኣዋድን ተኣዋድን ይኸውን። ብኻልእ ኣገላልጻ ኩሉ ዕዳ ተኣዋዲ ከፊሉ ዝፈጸመ ዋሕስ ንቦታ ኣዋዲ ብምትካእ ሓድሽ ኣዋዲ ቀንዲ በዓል ዕዳ ይኸውን ማለት እዩ። ተኣዋዲ ከኣ ዋሕስ ንዝኸፈለሉ ዕዳ ንዋሕስ ናይ ምሕዋይ ሕጋዊ ሓላፍነት ይስከም። ተኣዋዲ ዕዳኡ ጠቕሊሉ ንዝኸፈለሉ ዋሕስ ነቲ ቀንዲ ዕዳ፣ ወለድ ናይቲ ቀንዲ ዕዳን ካልእ ወጻኢታት ዋሕስን ኣጠቓሊሉ ይኸፍል። ንኣብነት ቀንዲ ዕዳ ተኣዋዲ ናቕፋ 5,000 ኮይኑ፣ ተኣዋዲ ነዚ ዕዳ ክኸፍል ስለ ዘይከኣለ ዋሕስ ምስ ወለዱ ካብ ናይ ባንክ ሕሳቡ ከም ዝኸፈል ገይሩ ንበል። ስለዚ ተኣዋዲ ነቲ ቀንዲ ገንዘብ ማለት ናቕፋ 5,000፣ ሕጋዊ ወለዱ ከምኡ ድማ ናይዚ ገንዘብ መተሓላለፊ ዝኸፈል እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ከም ወጻኢታት ተሓሲቡ ተኣዋዲ ንዋሕስ ክሕውዮ ሕጊ የገድዶ።

* ዋሕስ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ንውዕላዊ ግዴታ ተኣዋዲ ክፍጽም ዝተገደደሉ ብሸለልትነት ተኣዋዲ እንተኾይኑ፣ ተኣዋዲ ሕጋዊ ካሕሳ ንኺኸፍሎ ዋሕስ ኪሓትት ይኽእል። ንኣብነት ዋሕስ ብመሰረት ውዕሉ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ዝኸፈሎ ገንዘብ ኣብ ንግዲ ክጥቀመሉ ዝሓሰበ ገንዘብ እንተ ነይሩ፣ ኣብ ርእሲ እቲ ቀንዲ ገንዘብ ዋሕስ ነዚ ገንዘብ ኣብ ዝመደቦ መዓላ ስለ ዘይተጠቐመሉ ንዘወረዶ ጉድኣት ቀሚሩ ሸለልትነት ዝፈጸመ ተኣዋዲ ካሕሳ ክኸፍሎ ንኺሓትት ሕጊ ይፈቕደሉ።

* ዋሕስ ኣብ ክንዲ ተኣዋዲ ኮይኑ ዝኸፍሎ ዕዳ፣ ተኣዋዲ ከሕውዮ ምዃኑ ዘረጋግጽ ውሕስነት ተኣዋዲ ክገብረሉ ክሓትት ይኽእል። ኩብ ኢሉ ከም ዝተገለጸ ዕዳ ተኣዋዲ ዝኸፈለ ዋሕስ ከም ሓድሽ ኣዋዲ ስለ ዝሕሰብ፣ ዋሕስ ንዝገበሮ ወጻኢታት ተኣዋዲ ክኸፍሎ ምዃኑ ዘረጋግጽ ውሕስነት ካብ ተኣዋዲ ንኽሓትት ሕጊ ይፈቕደሉ።

### ምቁራጽ ውሕስነት ኣብ ሲቪላዊ ጉዳያት

ውዕል ውሕስነት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ህላዌኡ ኩብቅዕ (ክቋረጽ) ይኽእል። ውዕል ውሕስነት ካብ ዘቋርጸሎም ኣገባባት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም።

1. ኣብ መንጎ ቀንዲ ኣዋድን ተኣዋድን ዘሎ ውዕል ብዝኾነ ምኽንያት ህላዌኡ ምስ ዘብቅዕ ነዚ ተኸቲሉ ውዕል ውሕስነትውን ሽዑ የቋርጽ። ምኽንያቱ ውዕል ውሕስነት ኣብ መንጎ ኣዋድን ተኣዋድን ዝተፈጸመ ካልእ ሕጋዊ ውዕል መሰረት ገይሩ ዝምስረት ደኣ እምበር ንበይኑ ህላውነት ስለ ዘይብሉ እዩ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ መንጎ ኣዋድን ተኣዋድን ዝተፈጸመ ውዕል ምስ ዝፈርስ፣ ውዕል ውሕስነትውን ህላዌኡ የብቅዕ። ንኣብነት ኣብ ቀንዲ ውዕል ኣዋዲ ንዕዳ ተኣዋዲ እንተ ምሒርዎ፣ ተኣዋዲ ንዕዳኡ ጠቕሊሉ ባዕሉ እንተ ኸፊሉ፣ እቲ ቀንዲ ውዕል ብዝኾነ ምኽንያት ሕጋዊ ኣይኮነን እንተ ተባሂሉ፣ ኣዋድን ተኣዋድን ብዘይ ኣፍልጦ ዋሕስ ንመሰረታዊ ትሕዝቶ ቀንዲ ውዕል እንተ ለዊጦሞ፣ ወዘተ ኣዋዲ ንዋሕስ ረኺቡ ውዕል ውሕስነት ከም ዝተሰረዘ ምሕባር ከየድለየ እቲ ውዕል ውሕስነትውን ምስ ምፍራስ ወይ ምቁራጽ ቀንዲ ውዕል ብኡ-ብኡ ህላዌኡ የብቅዕ።

2. ቀንዲ ኣዋዲ ኣምሳያ ናይቲ ንተኣዋዲ ዝእውዶ፣ ዝኾነ ንብረት ተኣዋዲ ከም መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ብምባል እንተ ተቐቢሉ ውዕል ውሕስነት ህላዌኡ የብቅዕ። ንኣብነት ኣዋዲ ኣምሳያ ናይቲ ንተኣዋዲ ዝእውዶ ንፈረስ ተኣዋዲ ንዕኡ (ንኣዋዲ) ክኸውን ብምባል እንተወሲዱዎ ዋሕስ ካብቲ ዝኣተዎ ናይ ውሕስነት ግዴታ ናጻ ይኸውን። ድሕሪ ግዜ እቲ ፈረስ ዋናኡ ተኣዋዲ ኣይነበረን ካልእ ሰብ እዩ ተባሂሉ ኣዋዲ እንተ ተሓድገውን ዋሕስ ኣይሕተትን።

3. ተኣዋዲ ውዕላዊ ግዴታኡ ክፍጽመሉ ካብ ዝግብኦ ግዜ ንላዕሊ፣ ብዘይ ኣፍልጦ ዋሕስ፣ ኣዋዲ እንተ ኣናዊሑሉ ዋሕስ ካብ ውሕስነቱ ሓራ ይኸውን። ግዜ ምፍጻም ውዕል ሓደ ካብ ቀንዲ ትሕዝቶ ውዕል እዩ። ስለዚ ኣብ ቀንዲ ትሕዝቶ ውዕል ዝግበር ዝኾነ ለውጢ ብኣፍልጦ ዋሕስ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ምስ ምንዋሕ ግዜ ተኣዋዲ ዕዳኡ ዝኸፍለሉ ተኽእሎ ክጸብበን ዋሕስ ብዘያዳ ተሓታቲ ክኾነሉ ኣጋጣሚታት ክሰፍሕን ስለ ዝኽእል ዋሕስ ካብ ሓላፍነት ሓራ ክኸውን ሕጊ ይፈቕደሉ።

4. ምእኻል ደረት ግዜ ኣብ ቀንዲ ውዕል ንውዕል ውሕስነትውን ከም ዘብቅዕ ይገብሮ። ምኽንያቱ ምእኻል ደረት ግዜ ተፈጻምነት ቀንዲ ውዕል ኣብ ቀንዲ ውዕል ንዝሰፈረ ውዕላዊ ተሓታትነት ከም ዝፈርስ ስለ ዝገብሮ፣ ውዕል ውሕስነትውን ምስኡ ተተሓሒዙ የቋርጽ።

5. ዋሕስ ብመሰረት ውዕሉ ክፍጽሞ ንዝደለየ ክፍሊት ኣዋዲ ምቕባል እንተኣብዩዎ ውሕስነት የቋርጽ።

*ይቕጽል*



# ኣከባቢ








ሳልማን ስራጅ

# ክሊማዊ ምምዝባል ቀርኒ-ኣፍሪቃ



ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝርከብ፡ ንሓያሎ ሃገራት ዝሓቁፍ - ብፍላይ ድማ ንሃገራት ጅቡቲ፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማሊያን ዘመልክት ከባቢ እዩ። እዚ ከባቢ፡ ኣብ ባሕሪ ዓረብ ንበዙሕ ኪሎ-ሜተራት ዝዝርጋሕ ማያዊ ክፋል ይውንን። ኣብ ወሽመጥ ኤደን ድማ ናብ ደብባዊ ሸነኽ ደርኩቡ።

ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ቅናት ምድሪን ትሮፒካዊ መስመርን (23.5 ዲግሪ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢብ) ኣብ ማዕረ ርሕቀት ደርኩቡ። እዚ ከባቢ እምባታት ዝጠዘሉ ኮይኑ፣ እቲ ካብ ቱርኪ ተበጊሱ ክሳብ ሞዛምቢክ ዝዝርጋሕ ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ስንጭሮ'ውን ብቀርኒ ኣፍሪቃ ኢዩ ዝሓልፍ። ማእከላይ ሙቐት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ 8.7 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክኸውን ከሎ፣ ዓመታዊ ድማ ኣስታት 655 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ይረክቡ።

ቀርኒ ኣፍሪቃ ንቅናት ምድሪ ዝቐረበ'ኳ እንተኾነ፣ መታሕታዊ ክፋሉ ግን ኣጻምእ ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ንሱዳንን ከባቢኡን ወቕታዊ ዝናብ ዝሁብ - ንፋስ ትሮፒካዊሞንሱን (ንፋስ ሓዘል ዝናብ)፣ ብሸነኽ ምዕራብ ስለዝፍስ ኢዩ። ከም ሳዕቤኑ እቲ ጠሊ ዝሓዘ ንፋስ ናብ ሃገራት ጅቡቲን ሶማልን ቅድሚ ምብጽሑ ይጠፍእ። ስለ'ዚ ዝጠዘሕ ከባቢታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ እዋን ትሮፒካዊ ሞንሱን ውሑድ ዝናብ'ዩ ዝረክቡ።

ንኣብነት ዝጠዘለ በረኸቲ ከባቢታት ኢትዮጵያ፡ ዓመታዊ ብጠቕላላ 2000 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ክረክቡ ከለዉ፡ ኣብ ኣስመራ ድማ ዓመታዊ ብማእከላይ ገምጋም 570 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ይዛረም። ኣብ ሓጋይ ብሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝፍስ ንፋሱ ብዘይካ ኑቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሶማሊያ ዓመታዊ 500 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ዝርከብ እምባታት፣ ንኻልኦት ከባቢታት ጠሊ ዝሁብ ኣይኮነን። እንተደኣ ንፋስ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝፍስ ኮይኑ፡ ዓመታዊ ዝናብ ብኡ መጠን ይጎድል።

ምድረበዳ ደናክል ኣብ 100,000 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝተዘርገሐ ኣጻምእ ኮይኑ፡ ንሰሜናዊ ምብራቕ



Encarta Encyclopedia, Krafft-Explorer/Photo Researchers, Inc.

ክፉል ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ኤርትራን ሰሜናዊ ምዕራብ ጅቡትን ይሓቁፍ። እዚ ቦታ ብእሳተ ጎመራን ሓያል ሙቐትን ዝተፈልጠ ኢዩ። ኣብ ግዜ ቐትሪ ድማ ሙቐቱ ካብ 45 ክሳብ 50 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ይበጽሕ። ብሰንኪ'ቲ ዝመኸኸ ኣኻውሑ ኣብቲ ከባቢ ብዙሓት ቀላያት ኣያም ተፈጢሮም። ገለ ካብዚኦም - ቀላይ ኣሳለ (116 ሜትሮ ትሕቲ ጽፍሒ ባሕሪ) ከምኡ'ውን ቀላይ ጊደሉቲ/ ኣፍሬራ (80 ሜትሮ ትሕቲ ጽፍሒ ባሕሪ) ምጥቃስ ይከኣል። ክልቲኦም ቀላያት፡ ሚስጥራት ሰምጡት ምድሪ ደናክል (Danakil Depression) ኢዮም።

# ፍግረ መሬትን ምድረ-በዳነትን

ክሳብ ቀረባ እዋን፡ ሓመድ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ዘይብቑዕ ባህላዊ ኣገባብ ማሕረስ፡ ንሓደጋ ከምዝቃላዕ እዩ ብተመራመርትን ሓንጸጽቲ ፖሊስን ብሰፊሑ ክእመን ጸኒሑ። እዚ ብጉዳኡ ፍግረ መሬትን ብርሰት ኣግራብን ብምኽታሉ፡ ኑቲ መሬት ምንም ክበቐሎ ናብ ዘይክእል ደረጃ ከምዝብጽሖ ይጥቀስ።

ይኹን እምበር፡ ባህርን ዝርጋሐን - ፍግረ መሬትን ምድረ በዳነትን፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ሓደ ኣይኮነን። ዝጠዘሕ ካብኡ'ውን ምስ ንጥፈታት ሰብ ዝተኣሳሰር ኣይኮነን። ንኣብነት ከባቢታት ሳሻና (ኣብ ማእከል ምድረበዳ ዝርከብ ልሙዕ መሬት) ብንፋስ ንዝስዕብ ፍግረ መሬት ዝተቓልዐ ኮይኑ፣ ንፋስ - ኣብ ኣጻምእን ሓውሲ ኣጻምእን ቀንዲ ጠንቂ ፍግረ መሬት ኢዩ።

ኣብ ሳሄል ንደቡብ ዝርከብ ሓውሲ ኣጻምእ ዝኾነ መሬት ሳሻና፡ ኣብ 1960 ክሳብ 1970 ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ብሕሱም ደርቂ'ዩ ተጠቒዑ። ተመራመርቲ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ኣብ ዝሃቡዎ ርእይቶ፡ እቲ ጉዳይ ምስቲ ዓመታዊ ዝርኣ ምስፋሕ ምድረበዳ ሳሄራ ከምዝተኣሳሰር ኣየም ገሊጾም። ብድሕሪኡ ዝተገበረ መጽናዕቲ ግን ኣብ ገለ ከባቢታት ምድካይ ሓመድ ከምዝሎ እኳ እንተተጠቕሰ፣ ደቡብ ካብ ሰሃራ ንታሕቲ ኣብዘሎ ከባቢ ግን ምድካይ ሓመድ ይኹን ምስፋሕ ምድረ በዳነት ከምዘይተራእየ ተረጋጊጹ።

ኣብ እዋን መግዛእቲ፡ ኑቲ ዘይተርፍ ዕንወት ንምክልኻል ተባሂሉ ሓመድ ንምዕቃብ ዝሕግዝ ፖሊሲ ናይ ምንዳፍ ተበግሶታት ክውሰድ እዩ ተራእዩ። እዚም ግዝኣቲ ኑቲ ብዛዕባ ጸገማት ፍግረ መሬት ብኣፍሪቃውያን ደቀባት ንዝጸንሐ ኣረዳድኣ፣ ኣብ ልዕሊ መጓሰን ሕርሻን ቀይዲ ብምግባር ኢየም ክቈጻጸሩዎ ፈቲናም። እንተኾነ እቶም ኣፍሪቃውያን ኣብ ልዕሊ'ቶም ብግዝኣቲ ዝተወስዱ ስጉምታት ቅሬታ ነይሩዎም ጥራይ ዘይኮነ፣

እቲ ዝተኣደረ ፖሊሲ ኣብ ምክልኻል ፍግረ መሬት ከምቲ ዝደለ ኣድማዒ ውጽኢት ኣይሃበን። ብተመሳሳሊ፡ እቲ ምድረበዳነት ንምክልኻል ተባሂሉ ብምዕራባውያን ዝተሓንጸጸ ፖሊሲ እውን ኣይሰርሐን።

ብኣንጻሩ ኣፍሪቃውያን ደቀባት፡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝጥቀሙሉ ልምዳዊ ኣገባብ፡ ኣብ ልዕሊ ሓመድ ዘውርዶ ማህሰይቲ ኣገዳሲ ትሕቶት ምኻኑ ብስኑ-ፍልጠት ተረጋጊጹ ኣሎ። ከም ምዕቃብ

ክሳብ 2000 ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ኣብ ማዳጋስካርን ከም ናይጀርያ፡ ጋናን ኮትዲቭዋርን ኣብ ዝኣመሰለ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃን፡ ኣስታት ሓሙሽተ ሚልዮን ሄክታር መሬት ኣግራብ ብሰብ ከምዝየዕወ ጸብጻባት ይጠቕሱ። እዚ ከባቢ ውሑድ ኣግራብ ዘለዎ ኮይኑ፣ ቅልጡፍ ዕብየት ብዝሓ ህዝብን ሕርሻዊ ምዕባለን ዝረኣየሉ ከባቢ ኢዩ። ብፍላይ ምስ ምስፋሕ ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ብዙሕ ኣግራብ ኢዩ ዝበርሰ።



Encarta Encyclopedia, Sylvain Grandadam/Photo Researchers, Inc.

ኣብ መሬት ሕርሻ ዝርከቡ ኣግራብ፣ ኣብ ኣጻድፍ ምዝራእ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዘራእቲ እናኣምንኻኻ ምትካል፣ ብርእዮ ኢዩ ፍግረ መሬት ዘጉድል። ብኻልእ ወገኑ፡ ምጥቃም ማሽናት፣ ኣእካል ብመስርዕ ምዝራእ ከምኡ'ውን ጸረ ባልዕ ተጠቒምካ ዝካየድ ዘመናዊ ኣገባብ ሕርሻ፣ ሓመድ ናይ ምኽሳር ተኽእሎ እዩ ዘዕቢ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ውሱን ደንበ ዝካየድ ሕርሻ ከቢቱ፡ ኣብ ልዕሊ መሬት ዘውርዶ ዕንወት ካብቲ ብፍኑው ኣገባብ ዝካየድ መጓሰ ከምዝዓቢ ተመራመርቲ ይገልጹ።

ሰብ ዘሰርሖም ሸግራት

ሰብ፡ ኣብ ዕንወት ኣከባቢ ልዑል ተራ ኢዩ ዘለዎም። ንኣብነት ካብ 1990 ከምቲ ናይ ማዳጋስካርን ምዕራብ ኣፍሪቃን ደኣ ኣይኮነን'ምበር፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ሰብ ዝሰርሖም ሸግራት ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ዘውርድ ዕንወት እውን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዘይካ'ቶም ናይ ተፈጥሮ ጸገማት፣ እቶም ቀንዲ ጠንቅታት ምዕናው ኣከባቢ - ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ሃዋህው፣ ሓድሕዳዊ ግጭትን ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ኩናትን ኢዮም።

ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ርግኣት እንተደኣ ሰፊኑ እምበኣር፣ ብሰንኪ ኩናት ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ክወርድ ዝጸንሐ ዕንወት ኩቡቕዕ ኢዩ። እቲ ኣጋጢሙ ዝጸንሐ ኣከባቢያዊ ምምዝባል፡ ናብ ንቡር ክምለስ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

# ክሊማዊ ለውጢ

ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንክሊማዊ ለውጢ ኣዝዩ ተኣፋፊ ከባቢ ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ብሰንኪ ልዑል ሙቐት፣ ዘይስሩዕ ዝናብን ምልዓል ጽፍሒ ባሕርን ጥራይ ዘይኮነ፣ እንተላይ ብሰንኪ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ዝጸንሐ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኩነታት'ዩ። ተፈጥሮ እንድሕሪ ሓጊዙ ግን፡ ምስ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብዚ ከባቢ ሓድሽ ሃዋህው እዩ ተፈጢሩ ዘሎ።

ዝወሓደ ናይ ዝናብ ወቕቲ፡ ካብ መጋቢት ክሳብ ሰነ ዘሎ እዋን'ዩ። ኣብዚ እዋን ንዘረኣ ናይ ዝናብ ምድንጓይ ንምትካእ፡ ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ታሕሳስ ኣብ ዘሎ ኣዋርሕ ቅቡቕ ዝናብ እንድሕር ዘይዛረሙ ግን፡ ኑቲ ድሩቕ ወቕቲ መሊሱ ዘጋድድ'ዩ ዝኸውን። ቅድሚኡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጸቡቕ ክራማት እንድሕር ዘይጸኒሖ ከኣ፡ እቲ ኩነታት ምትሓት ምህርትን ምንቁልቋል መሬት መጋሃጫን የስዕብ።

ብሰንኩ ኣብዚ ዞባ ንጥሜት ክቃላዕ ዝኽእል ብዙሒ ህዝቢ ውሑድ ከይከውን ይኽእል። ነዚ ንምክልኻል ኣቐዲምካ ኣብ ኩነታት ሕርሻዊ ምህርቲን ቀረብ እኽልን፣ መጋሃጫ፣ ማይን ጥሪትን ዝግበር ምክትታልን ጥንቃቐን፡ እቲ ሓደጋ ምስ ኣጋጠመ ካብ ዝግበር ወጻኢ ዝተሓተ ከምዝኸውን ክኢላታት ይገልጹ።

ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እቶም ቀንዲ ኣከባቢያዊ ጸገማት ልዕሊ ዓቐን ምምእራር፣ ምብራስ ኣግራብ፣ ሕጽረት ማይ፣ ምጥፋእ ሂወታዊ ብዙሕነትን ኢንዱስትሪያዊ ብከላ ከተማታትን ኢዮም። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ናይዚ ዞባ፡ ንኣከባቢ ዝምልከቱ ውሽጣውያን ሕግታት'ኳ እንተሃለዉ፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት፡ ብዝግባእ ክትግበሩ ኣይተራእዩን።

ከም ዝፍለጥ፡ ኣብዚ ከባቢ ንዝረኣ ክሊማዊ ለውጢ ብዝምልከት ቡበእዋኑ መጽናዕታት ክካየዱ ጸኒሖምን ኣለዉን። ኩሎም እቶም ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዝምልከት ዝተኻየዱ መጽናዕታት፣ እዚ ከባቢ ንክሊማዊ ለውጢ ተኣፋፊ ብምዃኑ፡ ንደርቅን ጥሜትን ዝተቓልዐ ከምዝኾነ ኢዮም ዝጠቕሱ። ከም ክፋል ናይታ ብዙሕ ክሊማዊ ዕንወት ዘጋጥማ ዘሎ ኣህጉር፣ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እውን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መሬት'ዩ ዘሎ። ብሰንኩ ብርሰት ኣግራብ፣ ምድረ በዳነትን ምብሕጓግ ሓመድን ብሰፊሑ እዩ ዝረአ።

እዚ ተርእዮ ናይ ብዙሓት ተመራመርቲ መዛረቢ ኣርእስቲ ኮይኑ፣ እቲ ዛጊት መፍትሒ ዘይረኸበ ሕቶ፣ እቲ ዝቕጽል ዘሎ ዕንወት ብኸመይ ክዕገት ይኽእል ዝብል ኢዩ። እቲ ኣብ ገለ እዋናት ንምዕቃብ ኣከባቢ ብዝምልከት ብምዕራባውያን ዝቐርብ ርእይቶታት፡ ዝኾነ ፋይዳ ክርከቦ ኣይተራእየን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ብኣፍሪቃውያን ዝተፈተነ ኣከባቢ ናይ ምዕቃብ ሜላ ጸቡቕ ውጽኢት ክሀብ እዩ ተራእዩ።

ብዙሓት ክኢላታት እምበኣር፡ ኣከባቢ ናይ ምዕቃብ ስትራተጂ፣ ንዛባውን ምድራውን ፍልልያት ከምኡ'ውን ደቀ'ባት እቲ ከባቢ ኣብቲ ጉዳይ ንዘለዎም ኣፍልጦን ምውሳእን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ከምዝለዎ ይመኽሩ።

ቀንስትዮ

# እቲ ኣዝዩ ሕጉስ....



ነጃት ኣድም

ሓንቲ'ዶ ነታ ጓል 17 ዓመት ጓላ ቀው ኢላ ድሕሪ ምጥማት፡ ሃንደበት፡ "ኣብዛ ዓለም እቲ ኣዝዩ ሕጉስ ሰብ መን'ዩ ትፈልጢ?" ክትብል ሓተተታ። እታ ጓል፡ በቲ ሓደ፡ ኣብቲ ጽምዋ ወረሱዎ ዝነበረ ናይ ክልቲኣን በበይኑ ዓለም ንመጀመርያ ግዜ ሰቕታኣን ዝሰበረ ሕቶ ብምንባሩ፡ በቲ ሓደ ከኣ፡ በቲ ስግንጢር ኩይኑ ዝተሰምዓ ሕቶ ሰንቢዳ፡ ኪኖ ቀው ኢላ ክትጥምታ፡ ወላ ሓንቲ ቃል ኣየውጸኣትን።

እታ'ዶ፡ ጓላ ዝነበረት እንተነበረት ፍጹም ዕጋበት ስለ ዘይነበራ እያ ትሻቐል ነይራ። ንዘለዋ ዘይኮነስ ነቲ ዘይብላ'ሞ ግን ካልኦት መዛኑኣ ዘውንኑዎ እናኣማዕደወት፡ ወትሩ ተማርርን ትጭነቕን። ኣደኣ ቅድሚ'ዛ ኢጋጥሚት፡ "ተመስገን ምባል ልመዲ፡ ንዘለኪ ብሉጽ ነገር ኣቕልቢ" እናበለት እያ ትምዕዳን ትገንሓን ነይራ። እንተኾነ፡ ምኽርን ተግሳጽን'ታ ወላዲት፡ ዘርባ ጥራይ ኮይኑ ደኣ ተረፈ።

ስለ ዝኾነት እያ'ምበኣር፡ ሽዑ፡ ነዚ ብቐሊል ክምለስ ዘይክእል ዝመስል ሕቶ ሃንደበት ዝደርበየትላ። መልሲ'ታ ጓል ኣፍጢጥካ ምጥማት ምስ ኮነ ከኣ፡ ኣደኣ'ውን 'ክትምልሰለይ ይጽበየኪ ኣለኹ' ብዝሰምዕ እያ፡ ቀው ኢላ ተዓዚባ ብምጥማት፡ ንምጥማት ብምጥማት መሊሳትላ። ግን ሽዑ'ውን ካብ ጓላ መልሲ ኣይረኸበትን። ከመይ ገይራኺ ክትምልሶ፡ እቲ ኣዝዩ ሕጉስ ዝኾነ ሰብ'ከ በየናይ ዓቕማ ክትፈልጦ።

ተጠማሚትካ ሰቕ ሰቕ ምስ ኮኑ፡ ኣደኣ ነቲ ዘልዓለቶ ሕቶ ባዕላ ክትምልሶ እያ ወሲና። ብቐደሙ'ውን ክትብላ ዝደለየቶ ነገር ስለ ዝነበራ እንደኣላ ነቲ ሕቶ ኣምጺኣቶ። "በሊ መልሲ'ዚ ሕቶ ክትፈልጢ፡ 'እቲ ንገዛእ ርእሱ ፈሊጡን ተቐቢሉን ከም ገዛእ ርእሱ ኩይኑ ዝነብርን ሰብ እዩ' እቲ ኣዝዩ ሕጉስ ሰብ" ክትብል ገለጸትላ።

እታ'ደ ኣብሂላ ቀጸሪ'ምበር፡ ደይ ሽዑስ እቲ ኩሉ ግዜ ደጋጊማ እትብሎ ዝነበረት እያ ደጊማትላ። ገዛእ ርእስኺ ፍለጢ፡ ገዛእ ርእስኺ ተቐበሊ፡ ገዛእ ርእስኺ ኣፍቅሪ፡ ከም ገዛእ ርእስኺ ኩኒ... ወዘተ። ወላ እቲ መልሲን ኣገባብ ሕቶን ፍሉይ ይኹን'ምበር፡ ንዓኣስ ናብ ውሽጣ ዝኣቱ ኣይነበረን። ግብረ-መልሳ ከኣ ነታ'ደ ዚያዳ ኣጨነቓን ኣነደራን። እንተኾነ ንጓላ ገዛእ ርእሳ ክትፈልጥን ብገዛእ ርእሳ ክትዓግበን ክሳዕ ዝከኣላ ክትጽዕር ከም ዘለዋ ስለ ዝተረደኣት፡ ጻዕራ ኣብኡ ክበቅዕ ፍቓደኛ ኣይነበረትን።

ንእለት ካብ ሕርቃና ተናጊፉ ከኣ፡ ካብቲ ዝነበሮቶ ሳሎን ተንሲኣ ናብ ጓላ ብምስጓም፡ "ንዲ'ሞ ዛጓለይ" ኢላ ብኢዳ ስሒባ ናብቲ ዝነበሮቶ ብምምላስ ኣብ ጎድና ኮፍ ኣበለታ። ሽዑ'ውን ንእለት ቀው ኢላ ድሕሪ ምጥማት፡ "ጽውጽዋይዶ ክዘርኺ ዛጓለይ?" በለታ። ጓላ ሽዑ'ውን ኣደኣ እንታይ ትኸውን ምንባራ ድንግርግር ኢሉዋ፡ "ጽውጽዋይ...?" ክትብል ጥራይ ናይ ኣግረምርሞት ሕቶ ሰንደወት።

ምኽንያቱ ከኣ፡ ሽዑ ደኣ እታ "ጽውጽዋይ" ብኣካላ ሰማ ተጸዊዑ'ምበር፡ ኩሉ ግዜ ናይ ኣደኣ ምኽሪ ጽውጽዋይ ኩይኑ እዩ ዝሰምዓ ነይሩ። ብዝኾነ ንሕቶኣ ከም ዝተቐበለት ከተረጋግጸሉ፡ ምሉእ ኣቓልቦኣ ትህባ ከም ዘላ ከተርኢ፡ ኮፍ መበሊኣ ኣጠዓዒማ፡ ክልተ ኣዒንታ ናብ ኣዒንቲ ኣደኣ ተኺላ ቀው ኢላ ብምጥማት መለሰትላ።

"ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ እዩ..." ኢሉ፡ እታ'ደ ጽውጽዋያ ጀመረት። "ሓደ ብፍጥረቱ እንታይነቱን ኣዝዩ ሕጉስን ዕጉብን ኳኽ፡ ኣብ ሓደ ጫካ ይነብር ነበረ። ከም'ኡ ኢሉ እናነበረ እንከሎ ከኣ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ንሓንቲ ጻዕዳ ደርሆ ማይ ረኣየ'ሞ ዝ ኑብሱ ፈንፊኑ ንመፈጠሩ ኣመና ጸልኡ፡ "እዛ ደርሆ ማይ እታ ኣዚያ ሕጉስቲ ዑፍ ክትከውን ኣለዋ" ክብል ከኣ ሓሰበ።

ሓሳቡ፡ ልክዕ ምንባሩ ከረጋግጽ'ምበኣር፡ ናብታ ደርሆ ማይ ከይዱ ኩሉታ ወሰ። እታ ደርሆ ማይ፡ ንሳ ንገዛእ ርእሳ'ውን እታ ዝተሓጎሰት ዑፍ ኩይና ደሰምዓ ምንባሩ፤ እንተኾነ ግን ሓደ መዓልቲ ንሓደ ክልተ ዝሕብሩ ሕንጻይ ምስ ረኣየት፡ ንገዛእ ርእሳ ከም ዝጸልኣትን እቲ ሕጉስ ዝኾነ ዑፍ ንሳ ዘይኮነትስ እቲ ሕንጻይ ምንባሩ ከም ዝኣመነት ገለጸትሉ።

ኳኽ ሽዑ'ውን ሕቶኡን ምርምሩን ኣይወደኣን። ናብታ እታ ደርሆ ማይ ኣዝዩ ሕጉስ ዑፍ ኢላ ዝመስከረትሉ ሕንጻይ ከይዱ ኩሉቶ ወሰ፡ ረኸቦን ሓተቶን ከኣ። ክሳዕ ንጣውስ (ሕብራዊ ክንቲት እትውንን ዓባይ ዑፍ (ፒኮክ)) ዝርኢ ንሱ'ውን ሕጉስ ምንባሩን ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ኑብሱ ከሎኣሰን ብትርኢቱ ክሓፍር ምጅማሩን ብምግላጽ፡ እታ ዝተሓጎሰት ዑፍ "ጣውስ (ፒኮክ) እያ" ክብል ቃሉ ምስክርነቱ ሃበ።

እቲ ኳኽ ሽዑ'ውን ኣብኡ ደው ክብል ኣይደለየን። ናብታ ኣዚያ ሕጉስቲ ዑፍ ዝበሃለ ዝነበረ ጣውስ (ፒኮክ) ከይዱ ከረጋግጽ እዩ ወሲኑ። ናብ ቦታኣ ምስ በጽሐ ከኣ ኣማኢት ሰባት ዓጉጎም ክርእዩዋን ክስእሉዋን ተዓዘበ። ክሳዕ እቶም ሰባት ዝኸዱሉ ተጸቢዩ ከኣ፡ በየናን ኣብ ዝኾኑትሉ ግዜ ረኺቡ ሓተታ።

እታ ጣውሲ፡ ብሰንኪ ዘለዋ መልክዕን ጽባቐን ንገዛእ ርእሳ ኣብ ሓደ ጸቢብ ጋቢያ ተዓጽያ፡ ንኻልኦት ፍጡራት ከተሐጉሰን ከተገልግለን'ምበር፡ ብገዛእ ርእሳ ከይትነብር ምፍራዳ ኣዚያ ጉህይቲ ምንባራ ብምግላጽ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ጋቢያኣ ኩይና ነቶም ዝፍሩ ኣዕዋፍ፡ ብፍላይ ኣብ ጋቢያ ክዕጸዉ ዘይክእሉ ከም በዓል ኳኽ ዝኣመሰሉ ኣዕዋፍ እናክትርኢ፡ ኣዚያ ከም እተቐንኣን ማዕረ ክንደይ ዕድለኛታትን ሕጉሳትን ፍጡራት ምዃኖም፡ ንገዛእ ርእሳ ከም እተንኣእስ ገለጸትሉ'ሞ፡ እቲ ኳኽ ንገዛእ ርእሱ ከይፈለጠ፡ ንኻልኦት ኣዕዋፍ እናረኣየ ንገዛእ-ርእሱ ነዊሕ ከም ዝሰለየ ተረደኦን ገዛእ ርእሱን ክብሩን ከየንኣእሰን ከይንዕቐን ከኣ ምስ ገዛእ ርእሱ ቃል ኣተወ።

እታ'ደ ምንጋር ጽውጽዋያ ምስ ወድኣት፡ ሽዑ'ውን ጓላ ብሰቕታ እያ መሊሳትላ። ግን ከኣ ብዘተፈልየ ኣጣምታ። ገጻ ኣብሪሃ ፍሽኽ እናበለት፡ ናይ ተረዲኣኒ ርእሳ ናይ እወታ ነቕነቐት። ብውሽጣ ከኣ ልክዕ ከምቲ ኳኽ፡ ገዛእ ርእሳ ከይተነኣእሰን ከይትንዕቐን ምስ ገዛእ ርእሳ ቃል ኣተወት።

# ነስተውዕለሉምዶ...?

ግዜና፡ እቲ ክንልግሶ ዝኾንኣና ዝበለጸ ህያብ ምኻኑ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እንምስርቶ ዝምድና፡ ልዕሊ'ቲ ኣተኩሮ ምሃብን ብሉጽ ግዜና ምውፋይን ዝዓበ ዝበለጸን ዝኸበረን ህያብ የለን። ምስ ሰባት ምኻንና ኣብ ጎኖም ኮፍ ኢልካ፡ ሓሳባቶምን ድሌታቶምን ጸጊ ኢልካ ምስማዕ፡ ፍቕሪ እዩ ዝምህረና። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ፍቕሪ ብምሃብ እያ እትጥጥዕ። ምሃብ ብዝገር ጥራይ ዘይኮነስ መንፈሳዊ ትሕዝቶና እንተላይ'ምበር። ካብ ህያባት ኣወሃህባ ስለዝኾነ ከኣ፡ እቲ ብዝኾነ ዓቕምን ግዝኡበን ሃብትን ዘይሸመት ግዜና ምውፋይ፡ እቲ ዝዓበየ ልግሲ ፍቕሪ ይኸውን።

ዓቢ ለውጢ ክንምጽእ ምሉእ ሓይሊ ከም ዘለና፡ ኣብዛ ዓለም፡ ኩሉና ክንፍቀርን ክንክበርን ንደሊ ኢና። እቲ ዝዓበየ ዓወት ኣብ ህይወትና ድማ ቀጥታዊ ውጽኢት ምርካብ ማለት፡ ፍቕርን ኣኽብሮትን ከምኡ'ውን ምስ ካልእ ሰባት ምክፋሎምን እዩ። ስለዚ ለውጢ ክንምጽእ ከም እንኽእል ኣብ ሓይልና ንእመን። ልዕሊ'ቲ ንሓስቦን ንግምቶን ኣዚና ጸለውቲ ሰባት ምኻንና ንዘክር።

እቲ ፍሉያት ሰባት ዝኑበረና ነጥቢ፡ ብሉጽነትና ምኻኑ እንሓንሶ፡ ከምቲ ካልኦት ሰባት ክንክኑኖ ዝጸበዩና ክንከውን ክንብል ንጠፍእ ኢና። ዝኾነ ሰብ ከም ገዛእ ርእስና'ምበር ከምቲ ዝደልዩዎ ክንከውን ከም ዘይንኽእልን ከም ዘይንደልን ብግልጺ ክርእዩዎም ኣለና። ፍልዩነትና ብሉጽነትና ምኻኑ ብቓላት ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ምስ እንተግብሮ እዩ ከኣ ዝዝሕዶ። ልክዕ ከምቲ ንሕና ከኣ ንትእምን'ውን ብዘተመሳሰሊ ከምኡ ክኾኑ ከምዝይግባእ ኣሚናን ተረዲእናን ብመንገድም ክንዓዙ ንሓግዞም።




ቅድሚ ኩሉ ገዛእ ርእስና ክፍቅር ከም ዝግባእ - እቲ ዝበለጸ ነገር ዝምድናና እነመሓይሸሉን እነብልጸሉን፡ ንገዛእ ርእስና ምፍቃርን ምፍዋስን እዩ። እቲ ጸገም፡ ስለ እንሓርቕ፡ እንጠራጠር፡ እንሰዓር፡ እንጠየሰን እንጋገን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ሓደ ግዜ እንታይ ስምዒት ሓዲሩና ኣሎ፡ እዚም ስምዒታት ካበይ፡ ብኸመይን ስለምንታይን ከም ዝመጹን ብኸመይከ ንብደሆም፡ ብኸመይ ካብዚም ኣሉታውያን ስምዒታት ወጺእና ኣተሓሳስባታትና ንቕይርን ህይወትና ነመሓይሽን ዘይምፍላጥ እዩ። ምኽንያቱ ስምዒታትና ክንቆጻጸር ምስ ዘይንኽእል ጥራይ ኢና ናብ ሓደጋ ክንኣቱ እንግደድ።

ናእዳን ተፈላጥነትን ኣገዳሲቲ ባእታታት ህይወት ምኻኖም፡ ንሰባት ሓቀኛን ቅኑዕን ዝኾነ ናእዳ ክንልግስ እንኽእለና፡ ንዘበርከቱዎ ኣበርክቶን ስራሕን ንፈልጦም ኣለና ማለት እዩ። ውጽኢት ስራሖም ማዕረ ክንደይ ንዕኦም ካልእ ሰብን ኣገዳስን ኣርባሕን ምንባሩ ጥራይ ዘይኮነ ንሕብሮም፡ ኣብ መጻኢ ካብኡ ንላዕሊ ዝያዳ ብሉጽ ስራሕ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉን ከም ዘለዎምን ከኣ ኢና እነዘኻኽሮም።

ንሰባት ምንኣድን ተፈላጥነት ምሃብና ዝኾነ ዋጋ ኣይነውጽኣሉን ኢና። እኳ ደኣ ዝገበርናዮ ወፍሪ ብኣዝዩ ዘደንቕ ኣገባብ እዩ ዝምለሰና። ስለዝኾነ'ምበኣር፡ "ኣብ እኩብ ሰብ ነደናንቕ፡ ብሕትው ኢልና ንቀጻጸዕ" ንዝበሃል ብሉጽ ሕጊ ህይወት እናተኸተልና ንንዓዝ፡ ንኣዚና እነፍቅሮምን እነኽብሮምን ሰባት ኣብ ቅድሚ ሰባት ምንቃፍን ምውራድን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ እዩ ክበዝሕ፡ ምግርጫዊትን ምፍጻም ጌጋታትን መካይድትና ስለዝኾነ፡ ነቲ ናብ ንቡር ዝምድናናን ሓገዝናን ብቐሊሉ ክምለሰና ዝኽእል ኣገባብ ደኣ ንጠቐም።

ነኣሽቱ ወሰታታት ሕያውነት ነዊሕ መንገዲ ከም ዝጉዓዙ ምናልባት ኣቕሊልና ክንርእዮም ንኽእል ኢና። ብፍላይ ኣብዛ ሕልኽላኽ ህይወት እናበዙሓ እትመጽእ ዘላ ዓለምና፡ ነዞም እንብሎም ዘለና ነኣሽቱ ወሰታታት ሕያውነት እናኣጥፋእናዮምን እናረሳዕናዮምን ኢና እንኸይድ ዘለና። ካብ ጸቡቕ ሕማቕ ክንዛረብ፡ ካብ እኞሪ ምሕታትን ምቕባልን ናብ ጸርፍን ባእሰን ዝቐለልናን፡ ካብ ክንሕግዞ ክንምንዝዕ እንደናደን ዓይነት ሰባት እናተቐረጽናን ኢና እንኸይድ ዘለና። ከም ውጽኢቱ ከኣ ግጭትን ገርጨውጨውን በዚሑ'ም ዘይሕጉሳትን ዘይርግኣትን ህይወት ክሰክሙና ይረኣዩ'ለው። ስለዚ፡ ኣዚና ሓሲብና ነዞም ነኣሽቱ ዝመስሉ ተግባራት ሕያውነት ምስ እንጥቀመሎምን እንተግብሮምን ጥራይ ኢና ብሕጉሰን ቅሱንን ህይወት ነዊሕ ጉዕዞ ክንመርሕ እንኽእል።

ብዛይ ቅንዕና፡ ፍቕርን ምሕዝነትን ከም ዘየሉ - ቅንዕና እታ ቀዳመይቲ ምዕራፍ ኣብ መጽሓፍ ልቦና ፍቕሪ እያ። እታ እንኾ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ህይወት እትመርሓና ረቛሒት ድማ እያ። ካብቲ ንሰባት እነሐጉሰሉን እምነት እነስርጸሎምን ኣገባባት ድማ ኩሉ ግዜ ሓቀኛታትን ቅኑዓትን ብምኻን እዩ። ካብ ብልቢና ስምዒትን ሰባት ምጽዋትን ምቁማርን ወጺእና፡ ኩሉ ግዜ ሓቂ ክንዛረብ ምስ እንኽእል ድማ ኢና ሓቀኛ፡ ቅኑዕን ክፉትን ዝኾነ ዝምድና ክንምስርት እንኽእል።

ተኣማንነት ዓለም ከም ዘሕቁፈና፡ ሓቀኛ ፍቕርን ምሕዝነትን ብዘዕባ ከይተፈላለኻ ኩሉ ግዜ ብሓደ ምንባር ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ወላ እንተተፈላለና እምነትናን ቅንዕናናን ከይተለወጠ በብዘለናዮ ምቕጻል ማለት'ምበር። ኣብ ዝምድና ከኣ፡ እሙን ምኻን ክበሃል እንከሎ ምርጫ ዘይኮነ ግዴታ እዩ። ምኽንያቱ እምነት እንተደኣ ፈሪሳ ዝምድና የላን። እምነትና ከም ዓረ እንተደኣ ተሪራ ግን ዝምድናና ጥራይ ዘይኮነስ ዓለም ምልእቲ'ውን ኢና ክንሓቁፍ እንኽእል።

## ሕብራዊት ብርዒ

# ንሓንጎልና ንሓግዞ

ሃብቶም ኢዮብ



ሓንጎልና እቲ ካብ ብዝለዓለ መጠን ዘይንጥቀመሉ ጺጋና'ዩ። ምኽንያቱ ተደጋጊሙ ብመጽናዕቲ ተሰኒዱ ከም ዝተገልጸ ዝበዝሕና ሰባት ቀንጣሮ ሚእታዊት ካብቲ ጠቕላላ ዓቕሙ ኢና እንጥቀመሉ። እዚ ዋላ'ውን ኑቶም ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ኣብ ዓውዶም ሰር በተኻዊ ለውጢ ዝፈጠሩ ሰባት ዘጠቓልል'ዩ።

ስለምንታይ እዩ ከምኡ ዝኸውን? እዚ ሕቶ ብዙሕን ዓሚቕን መልሲ ከም ዘለዎ ኣይሰሓትን። ብሕጽር ዝበለ መገዲ ግና ቀዳሲ ስለ ዘይንቕልቦ'ዩ። ከምቲ ኣካላትና ብጽበኡ ንኽህሉን ንኽሰርሕን ቀዳሲ መግቢ እንህቦ፣ ኣእምሮ ድማ ከምኡ ቀዳሲ ፍልጠት ክቕሰብ ይደሊ። ጸቕጢ ድማ ሓደ ካብቶም ንሓንጎልና ዓቕሙ ንኸይድረት ዘበርክቱ ረቛሒታት'ዩ።

ሓንጎልና ዝኾነ ነገር ክንመሃረሉ ወይ ክንንብረሉ ንኽእል ጺጋና'ዩ። ግዳ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ነገራት እሞ ድማ ብዘይስሩዕ ኣገባብ ክንወትፈሉ ምስ እንፍትን ጸቕጢ ይኸውን ስለዚ ኸኣ ኣድማዒ ኣይከውንን። ኑቶም ክንዓጸሞም እንደሊ ዕዮታት በብቕሩብ ወይ ተርትእም ሓልዮም ክንዓጸሞም ምስ እንፍትን ግና ኣእምሮና ክጸወ እቲ እንዓፀሞ ተኣምራት የርእየና። ንበል ሓንቲ ነገር ክንገብር ንደሊ፣ ወይ ድማ ሓንቲ ጉዳይ ምስ ኣጋጠመትና ንዓኣ ዝኸውን ፍታሕ ከምጽእ ሳዕልን ታሕትን ንብል። ኣብ ክንዲ ህድኣ ኢልና እንሓስብ ዘሎን ዘየሎን ምኽንያት እናምጻእና ሓንጎልና ከም ዝጨናነቕ ንገብሮ። ሽዑ ሓንጎልና ኣሸንኳይ ፍታሕ ከምጽእ ተገምጢሉ ናብ ዘይሰርሕ ግዝእ ይቕየር። ስለዚ እምበኣር ኣእምሮና ብጽበኡ ክሰዕ'ቲ ጥርዚ ብቐዓቱን መታን ክሰርሓልና ምቹእ ባይታ ክንፈጥረሉ ኣለና። እዚ ማለት ብዙሓ ሓንቲ ጉዳይና ነጸበይናም እሞ ድማ ብቑዓት ዘይከውን ሓሳባት እናምጽእና ጸቕጢ ኣብ ክንዲ ንፈጥረሉ ህድእ ኢልና ክንሓስብ ንፈትን። ወይ ድማ ኣብታ ሓሳብ ዕዝክስል ካብ ምግል ንምዝሑ ግድፍ እንተ ኣቢልናያ ይምረጽ። ካልእና እናገበርና እንከለና እታ ሓሳብ ብልጭ ክትብለና ትኽእል'ያ። ብዙሓት ሰፍልጠተኛታት ብኸምዚ ኣገባብ'ዮም ድንቂ ንዘኾነ ስርሓቶም ኣካዪናሞ።

ኣእምሮ ናቱ ሜላ ኣሰራርሓ ኣለዎ። ኢቶም በላሕቲ ዝበሃሉ ዚ'ዮም ዝፈልጡ፤ ኣኣምሮ ብኸመይ ይሰርሕ። ፍሪደሪ ቮን ስትራዶንቲዝ ተመራማሪ ኬምስትሪ ሽዱሽተ ባእታታት ካርቦንን ሽዱሽተ ባእታታት ሃይደሮጅንን ዝዋቖአ ማሰርዕ ኣቃውማ ብምፍጣር ፎርሙላ ናይ በንዚን ክቕውም ይሓስብ ነበረ። ብዙሕ ግዜ ፈቲኑ ሃሊኹ ኣይከኣሉን። ንኣእምሮኡ “ንግንኻ ገዲፈዮ ኣለኹ” ኢሉዎ ነቲ ጉዳይ ኣወዚፉ ብዛዕባ ካልኡ ክሓስብ ጀሚሩ። ኣብ ኣውቶብስ ተሰቒሉ ብዛዕባ ካልእ እናሓሰበ እንከሎ እታ መልሲ ብልጭ በለቶ። ሓደ ተመን ንድሕሪት ጥውይ ኢሉ ጭርኡ እናነኸሰ ተራእዮ። እቲ ተመን ጭርኡ ብምንካስ ሓደ ኸቢ ቅርጺ ፈጢሩ። ስለዚ ኸኣ ፍሪደሪ ቮን ስትራዶንቲዝ ነታ ናይ መወዳእታ ካርቦን ምስታ ቀድሚት ዝነበረት ሃይድሮጅን ምልጋብ እታ ዝደሊያ ፎርሙላ ኣቘመ። እዛ ፎርሙላ እዚኣ'ያ እታ ቀለቤት-በንዚን ተባሂላ እትፍለጥ። ካብዚ እምበኣር ሓንጎልና ነጻ እንተ ገዲፍናዮ እቲ ዝደለ ፍታሕ ናይ ጉዳያት ከም ዝፈጥር ክንርዳእ ንኽእል።

ዶክተር ፍሪደሪክ ባንቲን ክኢላ ሰመደሃኒትን መብጣሕትን'ዩ ነይሩ። ሓደ እዋን ብዛዕባ ሕማም ሽኮርያን ሳዕቤናቱን መጽናዕቲ የካይድ ነበረ። ሓደጋኝነት እቲ ሕማም እምብዛ ኣተሓሳሲቡዎ ፍታሕ ሃሰው በለ። እንተኾነ ኣቲ ዝደለ መድሃኒት ክረኽብ ኣይከኣለን። ሓደ መዓልቲ ኣብ ድቃሱ እንከሎ ግና ኣብ ኣእምሮኡ ሓደ ነገር መጽኦ። ካብ ዝተበላሸወ ሻምብቆ ሳልሽ ቀርጽ ኣቢሉ ብምውሳድ ገለ ነገር ክገብር። ሕማም ሽኮር ንምክንኻን ዝጠቅም ኢንሱሊን ካብዚኣ'ያ ነቒላ። ንሚልዮናት ሰባት ከኣ ጠቒሙ። ኣብዛ ኣብነት እዚኣ'ውን ሓንጎል ናይቲ ሰብ ኣብቲ ቀንዲ ጉዳይ ዘይከነ ኣብ ካልእ ኣተኲሩ ከሎ'ዩ እቲ ፍታሕ ናይ ግድል ተረኺቡ። እንተኾነ ኣንደልዮ መልሲ ኣብ ሓደ ለይቲ ወይ ኣብ ሓንቲ ህሞት ውትፍ ይብለና ማለት ኣይኮነን። ክቕልጥፍ ወይ ድማ ክደንጉ ይኽእል'ዩ። ሓንጎልና ብዮዜ ይኸውን ብጦታ ከም ዘይድረኽ'ዩ ዝፍለጥ። ምድንጓይ ፍታሕ ናይ ገለ ሕቶታትና እምበኣር ንሓንጎልና ጸቕጢ ስለ እኸሞገ፥ “ኣይከውንን'ዩ” ወይ “ኣይከኣልን'ዩ” ዝብሉ መርገዝታት ስለ እንኽዕወሉ'ዩ። ከም ዘይከኣል እንተ ኣእሚንና ኣይክንክእልን ኢና። ንሓንጎልና ከም ዝከኣል እንተ ኣእሚናዮ ግና ከም እምንቶና እንደልዮ መልሲ ኸህበና'ዩ።

እዚ ንክኸውን ንሓንጎልና ክንሕግዞ ከም ዘለና ክንኣምን ኣለና። ብመጀመርያ ኣብ ነገራት ዘለና ኣመለኻኽታ እወታዊ ክኸውን ይደሊ። ነገራት ከም ዝኸኣሉ እምበር ከም ዘይከኣሉ ዝዋጁ ዛንታታት፣ ፍጻመታት ቀሊብ ሓንጎልና ክኸውን ክንፈቅድ ኣይግባእን። ልዕሊ ኹሉ ግና ካብ ሸገርግር ኣውጺእና ኣብ ኩነት ህድኣት ከም ዝህሉ ኸክንገብሮ የድሊ። ዚ ሓሳብ ክንርድኦ ቀሊል'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ብዙሕ መዓልታዊ ንጥፈታትና ዘኸሰት ስለ ዝኾነ። ንበል መፍትሕ ወይ ድማ ካልእ ነገር ረሲዕና ናብ ካልእ ጉዳይና ንኸይድ። ነዊሕ ምስ ገበርና ከም ዝረሰዕና ይዝከረና። ሽዑ ሹብድብድ እንተ ደኣ ኢልና እቲ ዘጠፍኣ ንብረትና ክንረኽቦ ዘሎ ተኽእሎ ትሑት'ዩ። እምበኣር ሸበድበድ ሸገርገር እናበልና ናብዞን ዘበርናየን ቦታታት ተመሊስና መፍትሕና ክንደሊ ክንብበስ ከለና ካልእ ነገር ክሰምፍእ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ። ወይ ድማ ናብ ጉድጓድ ብምእታው ምስ ነገራት ብምጥምጣው ኣይግበሮ እምበር ዘይግበእ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ጽርግያ ብምግባርና ግዳይ ክንክውን ንኽእል። ዝበዝሕ ሰብ'ውን ክንሓቶ ከለና “ህድእ እስከ በል ንቕድም” እዩ ዝብለና። ምኽንያቱ እንተ ዘንተዘይሃዳእና ሓንጎልና ብጽበኡ ኣይሰርሕን'ዩ። ስለዚ ኸኣ ዝገደደ ነገር ክስዕብ ግድን ይኸውን። ህድእ ኢልና ምስ እንሓስብ ግን መፍትሕና ኣበይ ከም ዘውደቕናያ፣ ከም ዝረሳዕናያ ኽንዝከረና ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

እተን ኣቐዲመን ዝቐረባ ናይ ሰፍልጠተኛታት ኩነ እዛ ናይ መፍትሕ ኣብነት ዘመሓልልፈ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፣ ንኣእምሮ ክህድእ እንተ ሓጊዝናዮ ፍታሕ ናይ ጉዳያትና ክዉን ከም ዝኸውን'ዩ። ሸገርገርን ሸቐልቀልን ግን ኑቲ ሸግር ሸግር'ዩ ዝወሰኽሉ። ንሓንጎልና ህድኣት ብምፍጣር ንሕግዞ ኢና።

# ሂወትን ጥበብን

ኣብ ሂወት ከመይ ዝበሉ ሰባት'ዮም ዕዉታት ወይ ድማ ሕጉሳት ዝኾኑ? እዚ ሕቶ'ዚ ቀሊል ሕቶ ኣይኮነን። ንዘመናት ተሓቲቱን ተመሊሱን'ዩ። ካብቶም ዝዓበዩ ሕቶታት ኪይኮነ'ውን ዝተርፍ ኣይመስለን። ኩሉ ሰብ ቡብዓቕሙ ቡብኸነታቱ ይምልሶ። ፈላስፋታት'ውን ድሕሪ እቲ ሂወትን ዓለምን ብኸመይ ተፈጢረን ዝብል ዛዕብኦም ኣዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ቀሊል ኣደኻሪ ኣይኮኑን ዝሁብዎ፤ ሓደ ካብ ትኹረቶም ዝስሕብ'ዩ። ኣዚ ኣርእስቲ'ዚ ክልዕል ዝደረኸኒ ሓደ ፍጻመ'ዩ። ዘሰደመመኒ፣ ውሽጠይ ክድህሰስ ከስተንትን ዝገበረትኒ ትዕዝብቲ! “ናይ ሂወት ነገር'ኮ” ኢለ ኪይተፈለጠኒ። እዚ ብህሎ ኣብ ውሽጠይ ምስ ኣቃልሐ ክምስ እናበልኩ ብርዕይ ኣልዒለ ኣብ ወረቐት ክሕንጥጥ ጀመርኩ።

ብሓደ ጉዳይ ካብ ገዛይ ወጺአ። ቀጨውጨው ኩብለኒ ቀንጹ ስለ ዝነበረ ንሓደ ብጻየይ ደዊለ ክንራኸብ ሓቢረዮ። ተጻዊትኒ ዝቖጸ ቀጨውጨውታ ከራግፍ ስለ ዝደለኹ ቀልጢፈ ናብ ቦታ ቈጸራ በጺሐ። ክበጽሕ ምስ በልኩ ኸኣ ክልተ ሰባት ቀሰይ እናበሉ ክኸዱ ርእየ። ቀድሚ ሕጂ'ውን ሓንሳእ ርእየዮም ነይረ'የ። ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ገጾም ብሩሁ፣ ክምስክምስ ይብሉ ነይሮም። ኣካይዳኦም'ውን ርጉእ ነበረ። ኣቓልቦ ከባቢኦም ሰሓቦም ምንባሮም ከኣ ይዝከረኒ። ኣብዛ ካልኣይቲ መዓልቲ'ውን ኣብ ከምኡ ዓይነት ኩነት'ዮም ነይሮም። እኳ ደኣ ንኽምስትኦም ብሰሓቕ ተኪኦሞ። ካብይ ፍንትት ኣብ ዝበለ ርሕቀት ስለ ዝነበሩ ንኸሉ ዘረባታቶም ይሰምዖ ኣይነበርኩን። ኣዘራርባኦም'ውን ክቡብ ለጠቕ ነበሮ። እቲ ሓደ ብድሕሪት ኩይኑ ጉንዲ እዝኑ ኣጸግዕ የብል'ሞ እቲ ብቕድሚት ዝነበረ ኸኣ ክሳዱ ንድሕሪት ሓውሲ ኣድንን ኣቢሉ ይዛረቦ። ከር ከር ኢሎም ይስሕቁ። ጽንሕ ኢሎም ከኣ “እምቧእ” ይብል ሓዲኦም። ኩልንትንኦም መሲጡኒስ ኣቕሪኡኒ'ውን። “ኣነኸ እንታይ ኩይነ ከምኦም ዘይሕጉስ?” ዝብል ሕቶ ጉፍ ኢሉኒ። ካልእ ክፋል ሂወቶም ዋላ ኣይፍለጦ በቲ ዝርእየዮም ዝነበርኩ ጥራይ ከማን ኣጸቢቐ ኣነ ይብልጾ'የ። ስለዚ ኸኣ ኣብሊጸ ሕጉስ ክኸውን ምተገባኣኒ። ናይ ምንታይ ቀጨውጨው ደኣሉ?

እቶም ክልተ ሰባት ሓደ ክልተ ኣእጋሩ ዝሰኣነ ኣካል-ስንኩል ክኸውን ከሎ፣ እቲ ኻልእ ከኣ ክልተ ኣዒንቲ ዘይነበሮ'ዩ። ኣካይዳኦም እምበኣረይ እቲ ዓይነ ስዉር ኑቲ ናይቲ ብጻዩ ዊልቸር እናደፍአ ይኸይድ። እቲ ብዓል ዊልቸር ከኣ ነታ ተሰቒሉዋ ዝነበረ ዊልቸር (እግራ እናሓዘ) መኣዝን የትሕዞ። ስለዚ መራሒ መገዲ ነበረ። እቲ ሓደ ኪያዲ እቲ ሓደ ኣንፉቲ እዮም ነይሮም። ሓንሳእ ከምዚ ኢሎም ክዘራረቡ ሰሚዐዮም።

- ኣበይ ዲና በጺሕና
- እስከ ገምት

እቲ ዓይነ ስዉር እንታይ ኢሉ ኸም ዝመለሰ ኣይሰማዕኩዎን። እቲ ብጻዩ ግና ዓው ኢሉ ሰሓቐ። ንሱ ኸኣ ዊልቸር ምድፋእ ገዲፉ ደው ኢሉ እዝኑ ናብ ብጻዩ ኣጸግዕ ኣቢሉዎ። ገለ ግዲ ኢሉዎ ኸኣ ንሱ'ውን ክርትም ኢሉ ሰሓቐ።

- እሞ ቀሪብና ደኣ ዘይትብለኒ።
- እወ ቀሪብና
- ሽዓ መዓልቲ'ኳ . . . . . . . .

ዓብይ ማኪና ኸዊላትኒ። ኣብ ክልተ ሜፍ ናይ ጽርግያ ስለ ዝነበርና፣ ምስቲ ዝነበረ ርሕቀትን ድምጻን ኑቲ ዝቐጸለ ዝርርቦም ክሰምዮ ዕድል ኣይረኸብኩን። ንዕኡ ካብ ምስማዕ ንላዕሊ እቲ ዝፈጠሩለይ ስምዒት ይዓቢ ነይሩ። ንሳቶም ነዛ ብእግርኻ ዘወር ምባል'ኳ ምስ ብጻዮም እዮም ተመላሊኦም ዝኸዱ። ማለተይ እቲ ዓይነ ስዉር ኣንፈት መገዲ ንኽሕብር ምስ ብጻዩ ክኸይድ ኣለዎ። እቲ መሓውሩ ዝሰኣነ ኸኣ ብብጻዩ እናተደፍአ ይኸይድ። ነዚ ንዓይ ቀሊል ዝኾነ ነገራት ምስ ካልኣዮም ይመላልእዎ። ኣነ ከም ንስሪ ዝርእያ ትኩራት ኣዒንቲ ኣለዋኒ። ናብ ዝኾነ ርሕቀት ኩብጽሓ ዝኽእላ መሓውር እውን ይውንን። ኣብ ባህ ዝበለኒ እዋን ኣብ ባህ ዝበለኒ ቦታ ክበጽሕ እኽእል። እሞ እንታደንኣ ኹይናኒ'ያ እዛ ኑብሰይ ቀጭውጨው ዝብላ? ኣብ ሓንቲ ቦታ ኹይነ ክሳዕ ዝኽወሉኒ ብኣዒንተይ ኣፋንጸዮም። ምስ ኑብሰይ እናተማጎትኩ ኸኣ'የ ኪይደ። እታ ንመወዳእታ ዝሰማዕኩዋ ክፋል ዝርርቦም እንካ ዝሓደገትለይ የብላን።

“ኤእ! እንታይ ደኣ ደሊኻ ሂወት ደኣ ተሓጊጊዞካ'ያ እምበር!” እትብል ካብቲ ብዓል ዊልቸር ዝሰማዕኩዋ ነበረት። ንምንታይ ከምኡ ኢሉ መለሱሉ ኣይሰማዕኩዎን። ግን ከኣ ከም ሓፈሻዊት ናይ ሂወት መትከል ክትወሰዳ ትከኣል ኣብ ርእሲ ምኳና ምስ ኩነታቶም ኣተሓሒዘያ። ብዛዕባ ምምልላእ ይዛረቡ ነይሮም ክትብል ኣጸጋሚ'ዩ። ብዙሕ ግዜ እንድሕሪ ብሓንሳብ ዝኸዱ ኮይኖምሲ ኑቲ ኣካይዳ ለሚዶምስ ከም ንቡር ወሲዶሞ ኣለዉ። ትርጉም ምምልላእ ብምንባሮ ስለ ዝነበሩሉ ሽዑ ከም ሓደሽቲ ተፋለጥቲ ኣልዒሎም ኩብል ኣየድፈረኒን። ግዳ በዚ ኢለ በቲ ምስ ኩነታቶም ኣተሓሓዚኩዋ ደአ። ምምልላእ ሓደ ካብ ጥበባት ሂወት ምኻኑ ፍሉጥ'ዩ። ሽዑ ብምንባሪ ምስ ረአኹዎ ግን ኣብ ኣምር ምምልላእ ዝነበረ ርድኢተይ ሰጋን መንፈስን ለበሰ። ሂወት እምበኣር ብትሕዝቶ ጥራይ ዘይኮነትስ ብጥበብ'ውን እያ እትምቐር!!



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ




## ስልጠንቲ ግራስ ሩትስ ኣብ ፍረ

### ፈስቲቫል ግራስ ሩትስን መዛዘሚ ክረምታዊ ውድድር ህጻናትን ክካየድ እዩ

መበል 11 ፈስቲቫል ግራስ ሩትስን መዛዞሚ ክረምታዊ ውድድር ህጻናት ናይ 2019ን ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ቀዳም 16 ሕዳር ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብዝተዳለወ ስነስርዓት ብወግዒ ክፍጸም እዩ።

እቲ ውድድራት ክሳዕ እግሪ ብሸክለታን ኣትሌቲክስን ዘጠቓለለ ውድድር፡ ን16 ምምሕዳራትን ንኡስ ዞባታትን ዞባ ማእከል ከሳትፍ ምጅማሩ ይፍለጥ።

ኣብዚ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ምርኢት ናይቶም ብምምሕዳራትን ንኡሳን ዞባታትን ዝዕለሙ ዘለዉ ህጻናት (ግራስ ሩትስ) ከምኡ ድማ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ 12 ክሳብ 17 ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ስፖርታውያን ህጻናት ዝተሳትፍዎ ንጥፈታት መዛዘሚ ግጥማት ክህሉ እዩ። ኣብ መዛዘሚ ዝግጠማ ኣብ ክሊ ዕድመ 14ን 15ን ዝርከባ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን'የን። በዚ መሰረት ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታ ማይ-ተመናይ ምስ ጎዳይፍ፡ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ኣኽሪያ ምስ ቲራቮሎ ክገጥማ'የን።

ብዘይካዚ ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ግጥም ግራስ ሩትስ 2019፡ ጸወታ ኣትሌቲክስ ረለይ'ውን ክህሉ ምኻኑ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ኣብቲ ኣብ ክረምቲ ዝተኻየደ ውድድር ኣትሌቲክስ ካብ 100 ክሳብ 3000 ሜትሮ ብኽልቲኡ ጾታ ኣሰታት 500 ናይ ግራስ ሩት ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ መደብ፡ 12 ንኡሳን ዞባታት ክሳተፍኦ ከለዋ፡ ካብዘኣተን 4 ምምሕዳራት (ማይ ተመናይ፡ ኣኽርያ፡ ጎዘጕዝን ማእከል ከተማን) ግን ከም ዘይተሳተፋ ይፍለጥ።

ኣብ ውድድር ማውንተይን ባይክ፡ ኣሰታት 250 ኣባላት ማውንተይን ባይክ ብኽልቲኡ ጾታ ክሳተፉ ከለዉ፡ ኣብ'ቲ ጸወታ 14 ምምሕዳራት ተሳቲፈን 2 ምምሕዳራት (ኣርባዕተ ኣስመራን ሰረጀቓን) ድማ ኣይተሳተፋን።

ብዘይካ'ዚ ብባህላዊ ንጥፈታት ዝሰኑ ናይ ቀዳም ጸወታታትን መዕጸዊ ስነ ስርዓትን ሎሚ ዓርቢ'ውን ኣብ ክሊ ዕድመ 16-17 ዝርከባ ጋንታታት ጎዳይፍን ዕዳጋ ሓመሰን ዘካይድኦ ግጥም ኣካል ናይዚ መዛዞሚ ስነስርዓት ከም ዝኸውን ተፈሊጡ'ሎ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓርቢ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ስፖርተኛታት ግራስ ሩት'የም ዝሳተፉ ዘለዉ።

እዚ መደብ ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩትስ ህጻናት፡ ብጸወታታት ኩዕሶ እግሪ፡ ማይውንተይ ባይክን ኣትሌቲክስን ካብ 2004 ጀሚሩ ክካየድ ዝጸንሐን በዞባዊ ድማ ክሰፍሕን ክዕብን ዝጸንሐ እዩ።

እዚ መደብ ካብ 2012 ኣትሒዙ'ዩ ኣብ 19 ኰቶቢታትን ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታትን ብስሩዕ ዝካየድ ዘሎ። እዚ መደብ ካብ 250 ክሳብ 300 ህጻናት እናሳተፈን ስሩዕ ስልጠና ዝህብን ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ብሰፍሕነት ዝተሰረ ቃክቲካውን ቴክኒካውን ትምህርቲ'ዩ ዝህብ። መደብ ግራስ ሩትስ ብደረጃ ሃገርን ዞባን ዝካየድ መደብ ኮይኑ ዓመታዊ በዚ መደብ ኣሰታት 5 ሽሕ ተመሃሮ ይሰልጥኑ።

እዚ ሻምናይ ዓመቱ ሐዚ ዘሎ ግራስ ሩትስ ብምዕባራውን ስነ ሓሳባውን ካብ ክሊ ዕድመ 12 ናብ 13፡ ካብ 14 ናብ 15፡ ካብ 16 ናብ 17 ኣብ ስሩዕ ውድድር ብምእታው ብመደብ ክረምታዊ መደብ ህጻናት'ዩ ክኸይድ ጀሚሩ። ጎደኒ ጎደኒ'ዚ መደብ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ከምኡ'ውን ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝካየድ ዓመታዊ ፈስቲቫል ህጻናት ነንሕድሕዶም ከም ዝፋለጡን ተሞክሮታት ከም ዝለዋወጡን ይግበር'ዩ። ፈስቲቫል ግራስ ሩትስ ጎኒ ጎኒ እቲ ዘካይዶ ውድድር ብባህላውን መዘናግዒ መሳናድኢታት'ውን ዝተሰነየ ብምዃኑ ካብ ብዙሓት ተሳተፍቲ ኣድናቖት ክረኽብ ጀሚሩ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ንዝገራዊት ጋንታ ኤርትራ ዝጸቕዑን ብዓብዪ ዝተረኽብዎ ህጻናት ብመደብ ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩትስ ተመልሚሎም ዝወጹ'ዑን ፍረ ናይ'ቲ መደብን ምዃኖም ይፍለጥ።

## ዝምድናና ሮናልዶን ሳሪን የሻቕል



ናይ ቅድም ኣሰልጣኒን ተጻዋታይን ኢጣልያዊት ጁቬንቱስ ዝነበረ ፋብዮ ካፔሎ ኣጥቃዓይ ጁቬንቱስ ክርስትያኖ ሮናልዶ ተጻዋታይ ካብ ዘየሸንፅ ሰለስተ ዓመት ከም ዝሕለፈ ምሕቡሩ ኣብ ልዕሊ ኣደጎቕትን ደገፍትን እዚ ተጻዋታይ ቁጥዐ ፈጢሩ። ካፔሎ፡ እዚ ኣብዚ እዋን እዚ ወዲ 34 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ፖርቱጋላዊ ካብ ብቕዓቱ ብፍላይ ከኣ ኣካላዊ ብቕዓቱ ቀኒሱ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕብር።

እዚ ሓደ ካብ ብሉጻት ኣሰልጠንቲ ዓለም ከም ዝነበረ ዝግለጹ ፋብዮ ካፔሎ፡ እቲ ተጻዋታይ ዝሓለፈ ሰንበት ንኻልኣይ ተኸታተለ ጸወታ ካብ ሜዳ ተቐዪሩ ድሕሪ ምውጻኡ'ዩ ዚ መግለጺ ዝሃበ። ሓሙሽተ ግዜ ሽልማት ባሎንዲ ኦር ዝዓተረ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ጁቬንቱስ ምስ ኤሲ ሚላን ኣብ ዝገበረቶ ጸወታ ኣብ መበል 55 ደቒቕ ናይቲ ግጥም ብደይባላ ተቐዪሩ ካብ ሜዳ ከም ዝወጸ ዝፍለጥ'ዩ። ኣርጀንቲናዊ ደይባላ ኸኣ ኣብ መበል 77 ደቒቕ ናይቲ ጸወታ ንጁቬንቱስ ዘዐወተት ሹቶ ከመዝግብ ብምኽኣሉ ኣሰልጣኒ ጁቬንቱስ ማውሪዝዮ ሳሪ ዝወሰዶ ስጉምቲ ቅኑዕ ምንባሩ ኣገሊሒዎ'ሎ።

ሮናልዶ ካብ ሜዳ ተቐዪሩ ድሕሪ ምውጽኡ ብቀጥታ ናብ መቐየሪ ክዳን'ዩ ኣምሪሑ። ድሒሩ ከም ዝተረጋገጸ ኸኣ እቲ ተጻዋታይ ቅድሚ ጸወታ ምዝዛሙ ነቲ ስታድዩም ገዲፉ ናብ ካልእ ቦታ ከም ዘምረሐ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ። ገለ ገለ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ ሮናልዶ ጸወታ ክዛዘም ሰለስተ ደቓይቕ ምስተረፈ ካብቲ ስታድዩም ጠቕሊሉ ከም ዝወጸ ሓቢሮም ኣለዉ። ሮናልዶ ቦታ ቅያሩ ዝኾነ ደይባላ ዘመዝገባ ሹቶ ክሕጎስ ደኣ ምተገበኦ እምበር ስታድዩም ገዲፉ ምውጽኡ ንብዙሓት ደገፍቲ እዛ ኣረጊት ጎርዞ ብዙበል ቅጽል ሽም እትጽዋዕ ጁቬ ኣቕጢዑ'ሎ።

ኣብዚ ናይ ዝሓለፈ ሰንበት ጸወታ፡ ሮናልዶ ኣብ መበል 55 ደቒቕ ናይቲ ግጥም ተቐዪሩ ምውጽኡ ማልያ'ዛ ጋንታ ካብ ዝለብስ እታ ዝቐልጠፈት ዝተቐየረላ ሰዓት ኮይና ተመዝጊባ'ላ። ብዘይካ'ዚ፡ እታ መዓልቲ ናብ ከተማ ቱሪን ካብ ዝመጽእ ንመጀመርያ ግዜ ንኻልኣይ ግዜኡ ኣኪታቲሉ ካብ ሜዳ ዝወጸላ ኮይና'ላ። ሮናልዶ ካብ ሜዳ ተቐዪሩ ኣብ ዝወጸሉ ዝነበረ ግዜ ንኣሰልጣኒኡ ማውሪዝዮ ሳሪ ብሕማቕ ጠሚቱዎ ምውጽኡ ዝምድና እዚ ተጻዋታይን እዚ ኣሰልጣኒን ከይሻሕክር ተሰጊኡ'ሎ። ኢጣሊያዊት ጁቬንቱስ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ማውሪዚዮ ሳሪ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝኾነ ጸወታ ኣይተሳዕረትን ዘላ።

ዝምድና እዞም ክልተ ኣብዛ ጋንታ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ሰባት ምስ ዝበኣሰ ሰበ ስልጣን እታ ጋንታ እንታይ ስጉምቲ ክወስዱ'ዮም ገና ብንጹህ ንብዙሓት ኣሻቒሉ ዘሎ ኩነታት'ዩ። ፋብዮ ካፔሎ፡ ሮናልዶ ብዘወሰዶ ስጉምቲ ከም ዘይግረም'ኳ እንተገለጸ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብቕዓት ናይዚ ተጻዋታይ ምንቁልቋሉ ግን ከም ዘተሓሳስቦ ካብ ምግላጽ ኣይተቖጠበን።

ካፔሎ ምስ ስካይ ስፖርት ኢታሊያ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕተት "ከም ሻምፕዮን መጠን ከምዚ ዓይነት ተግባራት ክገብር ጸቡቕ ኣይኮነን። ሮናልዶ ኣብ ውሽጡ ሻምፕዮን ምዃኑ'ዩ ዝፈልጥ። እቲ ሓቂ ደይባላን ዶግላስ ኮስታን'የም ማስተንክር ዝሰርሑ ዘለዉ" ክብል ሮናልዶ ብብቕዓቱ ተሻቒሉ ዝጉብሮ ዘሎ ጠባይ ምኻኑ ሓቢሩ።

ካፔሎ ብተወሳኺ ንኣሰልጣኒ ጁቬንቱስ ማውሪዚዮ ሳሪ በቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ተባዕ ክብል ገሊጹዎ ኣሎ። ድሕሪ'ቲ ጸወታ ሳሪ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ሮናልዶ ተሃሪሙ ከሎ ዝርኣዮ ብቕዓት ብምምጋስ ተቐዪሩ ካብ ሜዳ ኣብ ዝወጸሉ ብዘርእዮ ዘሎ ጠባይ ከኣ ከም ዘይግደስ ሓቢሩ። ሳሪ፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ኣብ ዘይነበረሉ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ብዘርእዮ ኒሕ ደኣ ከመስገኖ ኣለና እምበር፡ ካብ ሜዳ ድሕሪ ምውጽኡ ብዘንጸባረቖ ጠባይ ክንሻቐሎ የብልናን'ዩ ዝበለ።

ኣሰልጣኒ ጁቬንቱስ ማውሪዝዮ ሳሪ፡ እቲ ተጻዋታይ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዙ ኣብ ግዜ ልምምድ ኣብ ብርኩ ድሕሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ንዋሕ ክጻወት ደጋጊሙ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ሮናልዶ ኣብ ልክዕ ብቕዓቱ ከምዘየለ ተኣሚኑ።

## መሲ ብተጻወትቲ ባርሳ ይምስገን

ናይ ቅድም ይኹኑ ናይ ሕጂ ተጻወትቲ ባርሰሎና ንኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ ንዘልኣለም ዘማስየሉ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ'ሎ። ሊዮኔል መሲ ንናይ ቅድም ፕረሲደንት ባርሰሎና ዝነበረ ኾዋን ላፖርተ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ሓደ ሙብጽዓ ከም ዝኣትወሉ ገይሩ ነይሩ'ዩ። መሲ ነቲ ፕረሲደንት-ነበር ንዝፍሲ ወከፍ ማልያ ባርሰሎና ወድዩ ዘውዲ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ዝደፈአ ተጻዋታይ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ዝጸንሕ ደሞዝ ክወሃቦ ዝብል ሙብጽዓ ንኽኣትወሉ ብዝገበሮ ጻዕሪ እቲ ፕረሲደንት ከኣ ሙብጽዓ ስለ ዝኣተወሉ፡ እንሆ ሎሚ ነፍሲ ወከፍ ምስ ባርሰሎና ኮይኑ ኣብ መድረኽ ኤውሮጳ ዝተዓወተ ተጻዋታይ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ዝጸንሕ መሃያ (lifetime salary) ከም ዝወሰድ ኮይኑ ኣሎ። ምስጋና ንሊዮኔል መሲ።

በዚ ኸኣ መሲ ዝገበሮ ጻዕርን ፕረሲደንት ላፖርተ ዝኣተዎ ሙብጽዓን ልዕሊ 290 ተጻወትቲ ባርሰሎና ተረባሕቲ ኮይኖም ኣለዉ። ምኽንያቱ ባርሰሎና ኣብ ታሪኻ ኣብ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ሓሙሽተ ግዜ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ካፕ ዊነርስ ካፕ ሰለስተ ግዜ ኸኣ ጸዋእ ፋየርስ ካፕ ስለ ዝዓተረት።

ምስ ዩሃን ክሩፍ ኮይኑ ኣብ 1979 ዋንጫ ካፕ ዊነርስ ካፕ ዝዓተረ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ባርሰሎና ኾዋን ካርሎስ ሀሬድያ ብዘሰነዘ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ እቲ ውሳኔ ባርሰሎና ብሹቶ ሊዮኔል መሲ ተሓጊዛ ኣብ ከተማ ሮማ ንማንቸስተር ዩናይትድ ብምስዓር ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ዓተረት ከም ዝተወሰነ ሓቢሩ። ሀሬድያ ኣብዚ እዋን ዋላ'ኳ ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ይተኣለ፡ በዚ መሲ ዝፈጠሮ ዕድል ግን ክሳብ ዕለተ ሞቱ ዝጸንሕ መሃያ ክረክብ ክኢሉ'ሎ።

ኣብቲ ናይ 2009 ናይ ፍጻመ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡ ባርሰሎና ካብ ሳሙኤል ኤቶን ሊዮኔል መሲን ክልተ ሹቶታታት ብምርካብ ብሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ትእለ ንዝነበረት ማንቸስተር ዩናይትድ ከም ዝረተዓታ ይዝከር። ድሕሪ'ዚ ፍጻመ ባርሰሎና ክልተ ግዜ ማለት ኣብ 2011 ከምኡ'ውን ኣብ 2015 ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትዓትር ከም ዝኸኣለት ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን ምስ ፒኤስጂ ዝጻወት ዘሎ ብራዚላዊ ነይማር'ውን ዋላ'ኳ ካብ ባርሰሎና እንተወጸአ ኣብ ዝርዝር ኣስማት እዞም ልዕሊ 290 ተጻወትቲ ኣትዩ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ናይ ዝኾኑ መሃያ ግን ይወስድ ኣሎ። ናይ ቅድም ፕረሲደንት ባርሰሎና ላፖርተ ካብ 2003 ክሳብ 2010 ኣብ ዝነበረ ግዜ'ዩ ነዛ ጋንታ መሪሑዋ። ንሱ ባርሰሎና ኣብ ሓደ ዓመት ማለት ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ፔፕ ጋርዲዮላ ኣብ 2009 ሽዱሽተ ዋናጩ ክትወስድ ከላ መሪሕነት ሐዚ ብምንባሩ ኣብዛ ጋንታ ብጸቡቕ'ዩ ዝዝከር።



# ምልክታ

በይኑኤል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ/ ወልደገርግሽ ገ/ሂወት፡ ሳሮን ወ/ልደገርግሽ፡ ደሊና ወ/ልደገርግሽ፡ ብዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ብኣድራሽኦን ክርከባ ስለዘይተኻእለ፣ ን26/11/19 ኣብ ላ/ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ቁ.40 ይቕረባ። እንተዘይ ቀሪብክን ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ወ/ሮ ኣልማዝ ተስፋይ፡ ኣቦና ተስፋይ ወልደሚካኤል ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 13 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና፡ ከምኡ'ውን በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ምሕረት ገብረሚካኤል ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ዛይድ ኣሰፋው ሃብተስላሴ፡ ኣቦና ኣቶ ኣሰፋው ሃብተስላሴ ስለዝሞተ፡ ንኣደና ናይ መጻመዲ መሰላ ክሕለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን30/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቲራቮሎ

ወ/ሮ ኣስቴር ገብረእግዚብሔር ሃብተስላሴ፡ በዓል-ቤተይ ይርግኣለም ሱልጣን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻመዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት

ወ/ት ሰምሃል ቢተው ኣስማረ +1 ብወኪላ ሄኖክ ባዕሉ እስቲፋኖስ ኣቢላ፡ ኣቦና ቢተው ኣስማረ ረታ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ስዩም ገብረኣልፋ፡ ሓውና ብርሃነ ስዩም ገብረኣልፋ ስለዝሞተ፡ ኣይተመርዓወን ኣይወለደን ስለዚ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቱ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም የማነ ዮውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዮውሃንስ ኣስመላሽ ኣርኣያ፡ ሕጋዊ በዓል-ቤተይ ተቐማጢ ወጻኢ ኮይኑ 5 ዓመቱ ካብ ዝወጻሉ ጀሚሩ ንዓይን ንውላዱን ከም በዓልቲ-ቤቱ መጠን ከመሓድረንን ክኣልየንን ስለዘይከኣለ፡ እሞ ንጹር ኣድራሻ ተኸሳሲ ስለዘይተፈልጠ፡ ይጸውዓለይ እንተዘይኮይኑ ጉዳይና ናብ ዘመድ ሽማግለ ተመሪሑ ናይ ፍትሕ ውሳኔ ክወሃበኒ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል፡ ን10/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ንሱ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ከሕልፍ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወቐርቲ

ኣቶ ክብሮም ወልደጼን ዑቕቡ፡ ኣቦና ወልደጼን ዑቕቡ ዓንደጼን ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይን 1 መዋቲ፡ ተተካእቲ ደቁን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/12 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ

## ዳንባ ምጭ

ወ/ሮ ሚዘሎ ኣርኣያ ሃብተ፡ ጓለይ ምሕረት ደሳለ ገ/ማርያም ስለዝተሰውኣት፡ ኣይተመርዓወትን ኣይወለደትን፡ ስለዚ ኣነ ጥራይ ወራሲታ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/19 ይቕረብ።

## ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ባጽዕ

ነጋሽ ቦኽረ ዓብዱ ብወኪሉ ኣቢሉ፡ ነጋሽ ቦኽረ ዓብዱ ምባል ተሪፉ፡ ነጋሽ ዓብዱ በክሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ሮ ትርሓስ ተኽለማርያም፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ሄኖስ ከሰተ ምባል ተሪፉ፡ ሄኖክ ከሰተ መብህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን20/11/19 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣቶ ኣማን ዘርኡ ገብረሚካኤል፡ ኣቦና ዘርኡ ገብረሚካኤል ኪዳነ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ከሳሲት ወ/ሮ ንሰረት ሰዒድ እኩድ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓመድኬር መሓመድኑር ጁምዕ፡ ንካሕሳ ዝምልከት ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብመገዲ ወኪል መልሲ ክትህበሉ፡ ን28/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓጋዝ

ናዝሬት ወልደስላሴ ገብረማርያም፡ ኣቦይ ወልደስላሴ ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ወራሲቱ ኣነ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል፡ ን28/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ሞንጎቲ

ወ/ሮ ኣልጋነሽ መስፍን ሃይለማርያም፡ በዓል-ቤተይ ተደላ መድሃኔ ጻድቕ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻመዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን25/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ተኽለ ጸጋይ ገብረኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ኣስመሮም ክብሮም፡ ክሲ ቀሪብልካ እንተኾነ ኣድራሻኻ ስለዝጠፈአ፡ መጸዋዕታ ክበጽሓካ ስለዘይተኻእለ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን25/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክወሃብ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ንግስቲ ማርቀስ ግደ ሰብኣይ ሓፍተይ ሳህለ ኣርኣያ ፡ ኣብ ጎልጅ ዋንነተይ ዝኾነት መሬት 3ብ3 ሜትሮ ቦታ ብክራይ ሂበዮ ሰሪሑ ን5 ዓመት ክጥቀመላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ዝኣተዎ ዘይተፈልጠ ክሳብ እዚ ዕለት እዚ ክራይ ክኽፍል ይኹን ዚንግኡ ከልዕል ተጸዊዑ ንብረቱ ከልዕል ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ኣቶ ፍስሃየ ኣብርሃም ገብረእየሱስ ምስ ሓወይ ዶ/ር ኣፈወርቂ ኣብርሃም ገብረእየሱስ ወረስቲ ናይ ወላዲትና ነፍ/ሪት ወ/ሮ ኣማረሽ ሞሳዝጊ ጎርሻ ዝኾንና፡ ካብ ወላዲትና ብዉርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/06 ጎደና ማህተማጋንዲ (ናይ ሕጂ ጎደና ዓዲ ሽማግለ ቁ/ገዛ 89 ብኮምሽን ኣባይቲ ቁ/ምስክር ወረቐት 107578 ብመወከሲ ቁ/104761 ብስም ወላዲትና ዝተመዝገበ ገዛ፡ ናብ ሽምና ከነማሓላልፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ ውሳነ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ።

ኣቶ ፍስሃየ ኣብርሃም ገብረእየሱስ

## ምልክታ

ብስም ተስፋይ ኣለማየ ኪዳነ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ. ዋኒን ASL 00017437 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ኢዲት ቁ.ገዛ 19 ዝርከብ ናይ ምሕጻብ መካይን ጎሚስታን መሕደሪ መካይን ትካለይ፡ ንኣቶ ግብጻዊ ፍስሓጼን ተወልደብርሃን ካብ ዕለት 01/10/2019 ክሳብ 31/9/2021 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸምሉ ነፍልጥ።

ተስፋይ ኣለማየ ኪዳነ

## ምልክታ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከተማ ማይጭሆት ጎደና ኢንሲ ዝርከብ ስፍሓት ፓርሰል 250 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቁ.ውዕል 5,653 ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1፡011521/1ንብረት ነፍ/ኣቶ ወረደ ወልዱ ሰቛር ተመዝጊቡ ዋንነት፡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ በዓልቲ ፍርቂ ምኳነይ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ናይ ወላዲኦም ምኳኖም ቤት ፍርዲ ብዘረጋገጸልና መሰረት ናብ ስምና ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ መቃወሚኡ ስልጣን ካብ ዝፈቐዶ ቤት ፍርዲ ናብ ፓብሊክ ኖታርን ሃገራዊ ካዳስትራልን የቕርብ። እንተዘየለ ግን ብዘለና ውርሲ መሰል ተጠቒምና ናብ ስምና ከነመሓላልፎ ምኳንና ንሕብር።

ወ/ሮ ኣስቴር በራኺ ገብረእግዚኣብሄር
ቁ/ተሌፎን 07126346

## ምልክታ

ወ/ሮ ኤደን ዮሴፍ ኣሉላ ዝተብሃልኩ፡ ኣብ ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ስታንታኦቶ ጎደና 179-1 ብመወከሲ ቁጽሪ 121202 ብቁ/ምስክር ወረቐት 115649 ብስም ነፍ/ሄር ወላዲተይ ዝተመዝገበ ገዛ ሊብሬቶ ስለዝጠፋኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ቤት/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ሓድሽ ሊብሬቶ ክወሃበኒ ምኳኑ ይሕብር።

ወ/ሮ ኤደን ዮሴፍ ኣሉላ
ወኪል ኣቶ ተኽላይ ሃይለ ተስፋገርግስ

## ምልክታ

ብስም መንግስትኣብ ፍስሓጽዮን ተስፋማርያም ዝተመዝገበ ብ ቁ.ፍ.ዋኒን ASL 00007616 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ዓዲ ባርዳእ ዝርከብ ሆቴል ትካለይ ንኣቶ መብራህቱ ደብረጽዮን ተስፋማርያም ካብ ዕለት 20/8/2019 ክሳብ ዕለት 20/08/2044 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

መንግስተኣብ ፍስሓጽዮን ተስፋማርያም

# ምስጋና

ብምኽንያት ሞት ክብርቲ በዓል-ቤተይ ወ/ሮ ኣበባ ኪዳን ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ክሳብ ጠዓረሺ ብምኻድ ዘቃበሉኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ዉሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝጓጸና ንሕብር።

በዓል-ቤታ ኣቶ መንግስትኣብ ምስግና
ምስ ምሉኣት ስድራቤትን





ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ኣቦና ኣቶ ገብረሚካኤል ገብረመድህን ንርኣዮ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ በራቂት ን/ዞባ ሰንዓፈ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ገዛ ብምምልላስን ካብ ዉሽጥን ወጻእን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተዉትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ለምለም ኪዳን
ምስ ደቁን ም/ ስድራቤትን

ብሃንደበታዊ ሞት እነፍቅሮ ወድናን ሓዉናን ሙሴ ወልደኺዳን ተኪኤ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ሬሳ ኣብ ምፍናዉ ዝተሓባበርኩምና ተቐማጦ ግልታ ኢጣልያ ካሊፎርንያ (ሕ.መ.ኣ)፡ ክሳብ ሽኩቲ ኬድኩም ዘቃበርኩምና ኣብ ገዛና ብምምልላስ ቴሌፎን ብምድዋል ተኻፊልኩም ሓዘንና ዝሾንኩም ፈተዉትና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝጓጸና ንገልጽ።

ስድራቤት ነ/ሄር ወልደኺዳን ተኪኤ
በ/ቤቱ ብስራት ብርሃን






ብሞት ኣዚና እንፈትዋ ኣደናን ሓብትናን ነፍ/ሪት ኣልጋነሽ በርሀ ወልደገርግስ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ኣብ ሕማማ ዝተመላለስኩምና፡ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ክሳብ ዓዲ-ገዳ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስ ኮነ ብቴሌፎን ብምድዋል ካብ ዉሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየና ሕሱም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና እናቕረብና ሓዘንና ከምዝጓጸና ንሕብር።

ምሉኣት ስድራቤት

እነፍቅሮ ወድና/ሓዉናን ኣቶ እስቲፋኖስ ገብሩ ተስፋይ (ቡቺ) በዓል-ቤታ ንነፍስሄሪት ወ/ሮ ሰላማዊት ፍራይ ዘርኦም ብሓደጋ መኪና ዝዓረፈ፡ ብዕለት 09/10 19 ኣብ ስቶኮልም ዘቃበርኩምናን ኣብ ደግሪ ልብኤ መልቀስ ዝተሳተፍኩምን ገዛ ብምምልላስ ዘጸናንዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ።

ምሉኣት ስድራቤታ





ብሞት እንፈትዋ ኣደና ወ/ሮ ገብሪኤላ ገዛኢ ግደይ (ዛዉል) ጓለን ንነ/ሄር ሂወት ወልደሙሴ (ደርጓንቶ)፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዘጸናናዕኩምና፡ ድሕሪ ዕረፍታ ብኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያን ብኮቴድራልን ኪዳን ምህረትን ኣስመራ ዝተገብረልና ፍሉይ ምትሕብባርን ኩሉኹም ዘቃበርኩምን ዘጸናናዕኩምናን ብኽብሪ እናመስገንና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ።

ደቃ ፓዉሎን ሮቤቶን
ምስ ኣንጀሊና ተኸስተን ምሉኣት ስድራቤትን




ብሞት ክቡርን ፍትዉን በዓል-ቤተይ ኢንጅነር ፍስሃየ ተስፋይ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ንኹሉም ነበርቲ ሎስኣንጀለስ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተማላለስኩምን ዘቃበርኩምናን ብፍላይ ማሕበር ኮም ከተማ ሎስኣንጀለስ ሕ.መ.ኣ. ከምኡ'ዉን ኣብ መንበሪ ገዛና እምባጋልያኖ ብምምልላስን ካብ ዉሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ናይ ሓዘን ተኻፈልትን፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ገነት ፍራይደ ደቁን፡
ኣደኡ ንግስቲ ተስፋስላሴ (በይሩት)
ሓፍቱ ተጋ/ዑቕባ እስቲፋኖስ (ዒታሮ) ምሉኣት ስድራቤት

ብዕረፍቲ ክቡር በዓል-ቤተይ ኣቶ ታደሰ ገብረትንሳኤ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ገርጠጠ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ንብል።

በዓልቲ-ቤቱ ቅድስቲ ኣብርሃን
ደቁን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን





ብሃንደበታዊ ሕማም ብሞት ዝተፈለየና ክቡር ሓዉናን ኣቦናን ኣቶ ዮሴፍ ብላታ ገብረእግዚኣብሄር ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ቤት-ገብርኤል ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ንዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስ ካብ ዉሽጢ ሃገር ወጻእን ብቴሌፎን ንዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና፡ እግዚኣብሄር ጸጋኡ የብዝሓልኩም፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝጓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት

ብምኽንያት ሞት ዘፍቅሮ ክቡር በዓል-ቤተይ ኣቶ ዳኒኤል ዑቕባትንሳኤ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ዳዕሮ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎንን ኢመይልን ረኺብኩም ዘጸናናዕኩምናን ስድራቤትን ፈተዉትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንጓጽእ።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ደመት ገብረቃል
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን





ብሞት ክቡር ኣቦና ዑቕባዝጊ ሓድጉ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሽማንጉስ-ታሕታይ ዘቃበርኩምና፡ ብኣካልን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ ሓዘንና ዓዲና ኣሎና።

ምሉኣት ስድራቤት

ብመስዋእቲ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ክቡር በዓል-ቤተይ ጸጋይ ሃንስ ዕድዋን ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ካብ ፊላንድ ሬሳ ኣብ ምፍናዉ ዝተሓጋገዝኩምናን ኣብ ገዛና ብምልላስን ዘጸናናዕኩምናን ፈተዉትና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንጓጽእ።

በዓልቲ-ቤቱ ምልእተ ፍስሃየ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ታደሰ ተኽለ

# ካልኣይ ዓይነት ክታበት ኢቦላ ኣብ ኮንጎ



ኣብ ኮንጎ፡ ፈኸም እናበለ ዝቐጽል ዘሎ ሕማም ኢቦላ ንምክልኻል ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ካልኣይ ዓይነት ሓድሽ ክታበት ክዕድል ኣብ ስምምዕ ከም እተበጽሐ ተሓቢሩ።

እቲ ቀዳማይ፡ ብትካል 'መርክ' ዝተቐመመ ሓንሳእ ጥራይ ዝውጋእ ክታበት ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ዓይነት ክታበት ከኣ፡ ኣብ ናይ ሓምሳ መዓልታት ፍልልይ፡ ንሓደ ሰብ ክልተ ግዜ ዝወሃብ - ብጆንሰን & ጆንሰን ዝፈረየ ከምዝኾነ ጸብጻባት ሓቢሮም።

እቲ ሓንሳእ ጥራይ ዝውሰድ ክታበት፡ ክሳዕ ሎሚ ንርብዒ ሚልዮን ህዝቢ ከም እተዓደለን፡ ብዓለማዊ ውድብ ጥዕናን ኤውሮጳዊ ኮምሽንን ኣፍልጦ ዘለዎ ምዃኑን ጸብጻባት ሮይተርስ የረድኡ።

እቲ ሓድሽ ክታበት፡ ኣብ ከባቢ ከተማ ጎማ፡ ኣብ 50 ሽሕ ሰብ ክሊኒካዊ ፈተነ ከምዝካየደሉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብቲ ፈተነ ክታበት ካብ ዝሳተፉ ዘለዉ ክኢላታት፡ ብሪጣንያዊ ዳንኤል ቦሻ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ክታበት ውድድር ከምዘየለ ይገልጽ።

እቲ ብመርክ ዝተሰርሐ ክታበት፡ ምስ ሕማም ኢቦላ ብቐጥታ ርኽብ ከም ዝገበሩ ንዝተረጋገጸሎም - እቲ ሕማም ኣብ ዝላበዓሉ ከባቢ ንዝርከቡ ህዝቢ ዝዕደል እዩ። እቲ ብጆንሰን & ጆንሰን ዝፈረ ክታበት ከኣ፡ ኑቲ ሕማም ኣብ ዘይተቓልዐ ከባቢታት ዝዕደል እዩ።

ኣብ ኮንጎ ኪንሻሳ ዘሎ ሕማም ኢቦላ፡ ካብቲ ዝበርኾ ውዕውዕ ደረጃ ከምዝሃድአ እኳ እንተተነግረ፡ ሰሙናዊ ኣስታት 20 ሰባት ይለኽፍ ምህላዉ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብ ህዝቢ ዝዘርግሖ ኣጠራጣርቲ ወረታት፡ እቲ ሕማም ንክላባዕ ካብ ዝገበሩ ጠንቅታት ምዃኖም፡ እቲ ሕማም ካብ ዝረአ ኣስታት 200 ናይ ጥዕና ነቑጣታት ብዝተፈላለዩ ወገናት መጥቃዕቲ ከም ዝወረደን ሮይተርስ የረድኡ።

ኣብ ህዝቢ ንዝሓደረ ምጥርጣራት ንምውጋድ፡ 'ሓኪይም ብዘይ ዶብ' ዝተባህለ ኣህጉራዊ ትካል፡ ኑቲ ክታበት ከም ዘካይዶ ተፈሊጡ።

# ውግእ ፍልስጤማውያንን እስራኤልን ሃዲኡ



ብሸምግልና ግብጽን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብዝተኻየደ ናይ ግልግል መስርሕ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ፍልስጤማውያንን ዝቐጸለ ውግእ ከም ዝሃድአ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ክካየድ ዝቐጸለ ናይ ኣየርን መድፍዕን ደብዳባት፡ ካብ ወገን ፍልስጤማውያን 34 ሰባት ከምዝሞቱ ተፈሊጡ ኣሎ።

ግዙኣት ፍልስጤማውያን ካብ ዝኾኑት ጋዛ ናብ እስራኤል ክፉኖ ዝቐጸ ተወንጨፍቲ፡ መብዛሕትኡ ኣብ ሰማይ እንከሎ ኣኳሊሙ ብዘርም ጸረ-ተወንጫፊ እስራኤል እናተወቕዐ ከም ዝፈሸለ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

እስራኤል፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ እስላማዊ ጂሃድ ኣብ ከተማ ጋዛ እንከሎ ብሩራት ኣብ ዝተኻየደ ስርሒት ድሕሪ ምቕንጻሉ፡ ምልሻታት እቲ ዕጡቕ ሓይሊ ናብ እስራኤል ብኣማኢት ዝቑጸር ቦምባታት መዳፍዕ ከም ዝተኩሱ ይሕበር።

ሓያሎ እስራኤላውያን ከም ዝቆሰሉን መንጽር ጋዛ ዝርከብ ቁሸታት እስራኤል - ዞባ ውግእ ኩይኑ ብምቕናዩ መዓብሮ ህዝቢ ተዓናቒፉ ከምዝሎን ምንጭታት ገሊጾም።

እስላማዊ ጂሃድ፡ ኣብ'ቲ ብሸምግልና ግብጺ ዝተኻየደ ምቁራጽ ተኹሲ፡ እስራኤል ናብ ውልቀሰባት ዒላማ ዝገበረ ቅትለት ከይተካይድ ምስምማዓ ገሊጹ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ግና፡ "ኣብ ብእንግሊዝ ሃገን ዝተሓጸረ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ሰቕ እንተደኣ ኢሎም ንሕና'ውን ሰቕ ክንብል ኢና" ዝብል ቃል እዩ ሂቡ።

ኣብቲ ንኽልተ መዓልቲ ዝቐጸለ ደብዳብ፡ ካብ እስራኤል ብዝተተኩሰ ተወንጫፊ ኣብ ዝተሃርመት ሓንቲ ገዛ ዝጸንሑት - ሸሞንተ ኣባላት ዝበሩዋ ፍልስጤማዊት ስድራ-ቤት፡ ብምልእታ ከም ዝጸነተት ጸብጻባት ይሕብሩ።

ፍልስጤማውያን፡ ከሎም ኣብታ ስድራ ዝነበሩ ሰላማውያን ምንባርም ንዝሩብዎ ሓብሬታ ዝጸገት እስራኤል፡ ሓደ ካብ ኣዘዝቲ ኣሃዱታት እስላማዊ ጂሃድ፡ መጀር ረስሚ ኣቡ መልሓሱ፡ ኣብ'ታ ስድራ ከምዝነበረን፡ ኣብ'ታ ገዛ ከም እተቐትለን ኣፍሊጣ።

ብባሕርን ብምድርን ኣየርን ከይንቀሳቐሱ፡ ብእስራኤል ተሓጺራ ኣብ ዘላ ጋዛ ዝነብር - ኣስታት ክልተ ሚልዮን ዝኾውን ህዝቢ፡ መብዛሕትኦም እስራኤል ናጽነት ክትእውጅ እንከላ ሃዲሞም ካብ ዝተዓቀቡ ስደተኛታት ከም ዝኾኑን፡ ናብ መበቆላዊ ዓዶም ክምለሱ ኣብ ትጸበት ከምዝነብሩን እዩ ዝግለጽ።

እስራኤል፡ ኑቲ ፍልስጤማውያን ስደተኛታት ናብ መበቆላዊ ቁሸታቶም ክምለሱ ዝብል ሓሳብ፡ 'ከቢድ ናይ ዓሌት ምዝኻዕ ክስዕብ እዩ' ብዝብል፡ ፈጺማ ኣይትቕበሎን እያ።

# ሰልፍታት ብሪጣንያ ኣብ ፍልልያት ማሃያ ይካትዑ




ኣብ ብሪጣንያ፡ ምድላዋት ኣብ ዝግበረሉ ዘሎ ምርጫ፡ ገሰጋሰት ዝገብሩ ዘለዉ ሰልፊ ለዮን ዓቃባዊ ሰልፍን፡ ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ናይ ማሃያ ፍልልያት ኣብ ዝምልከት ይካራኸሩ ከምዘለዉ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ሰልፊ ለዮ፡ እንተደኣ ኣብ ምርጫ ተዓዊቱ፡ ኣብ መንጎ ጾታታት ዘሎ ናይ ደሞዝ ፍልልይ ክሳዕ 2030 ኣብ ዘሎ ግዜ ማዕረ ከም ዝገብሮ ንዝኣተዎ ቃል፡ ዓቃባዊ ሰልፊ "ካብ ዓቕሚ ዝሓለፈ መብጽዓ" ክብል ኣቃሊልዎ ኣሎ።

ዓቃባዊ ሰልፊ፡ ኣብ መንጎ ወዲ-ተባዕታይን ጓል-ኣንስተይትን ዘሎ ናይ ክፍሊት ፍልልይ ንኽጸብብ 60 ዓመት ከም ዝወስደሉ፡ ሰልፊ ለዮ ይምጉት።

ኣብ ብሪጣንያ፡ ሓደ ዓይነት ሞያ ዘለዎም፡ ሓደ ዓይነት ስራሕ ዝሰርሑ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን፡ ዝበርም ናይ ደሞዝ ፍልልይ እናጸበበ ይኸይድ ከም ዘሎ እኳ ዝግለጽ እንተኾነ፡ በዚ ዘሎ ኣካይዳ ብዙሕ ዓመታት ክወስደሉ ከም ዝኽእል ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብታ ሃገር ዝርከብ ሓደ ተጣባቒ ጉጅለ፡ በዚ ዘሎ ኣካይዳ ኣብ መንጎ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ዘሎ ናይ ክፍሊት ፍልልይ ክጠፍእ፡ 80 ዓመት ክወስደሉ ከም ዝኽእል ኣፍሊጡ።

ማሕበር ሰብ ዋኒን ግና፡ እቲ ፍልልይ ንኽጠፍእ 35 ዓመት ከም ዝወስድ ገሚቱ ኣሎ።

ብሕታዊ ዋኒን እቲ ቀንዲ ኣሰራሒ ኣብ ዝኾነሉ ርእሱማላዊ ስርዓት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ዝውሕድ ደሞዝ ክወስዳ ዝገብር ቀንዲ ምኽንያት፡ ብተደጋጋሚ ወሊድ - ዓመታዊ ናይ ሓያሎ ኣዋርሕ ፈቓድ ስለዝወስዳን ብጒራት ስለዝጠዝሓን ከምዝኾነ ጸብጻባት የረድኡ።

# ህንዲ - ኣከራኻሪ ህንጻ ቤተ-ኣምልኾ ስግኣት የለዓዕል

ኣብ ሰሜን ህንዲ ዝርከብ፡ ንኣመንቲ ምስልምናን ሂንዱን ንኣማኢት ዓመታት ከባእስ ዝጸንሐ 'መስጊድ ባብሪ ዝተባህለ ህንጻ'፡ ንኣመንቲ ሂንዱ ክወሃብ ከም እተፈርደ ተሓቢሩ።

እቲ ቤተ-ኣምልኾ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ማሕበረ-ሰባት ሓድሕዳዊ ግጭት ክውላዕ ምኽንያት እናኾነ፡ ዘይዝሕል ጽልኢ ንወለዶታት ከሰጋግር ምጽንሑ ምንጭታት የረድኡ።

ክልቲኦም ወገናት፡ ይብጽሓኒ እዩ ዝብልዎ ህንጻ፡ ወነንቱ ከም ዝኾኑ ዘረድእ ጭብጥታት ከቕርቡ ጸኒሖም። ኑቲ ክትዕ ክርኢ ዝጸንሐ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ድማ፡ እቲ ህንጻ ንኣመንቲ ሂንዱ ብምሃብ፡ ኣመንቲ ምስልምና ቤት-ኣምልኾ ዝሰርሑሉ ካልእ መሬት ክወሃቦም በዩኑ።

ንልዕሊ 500 ዓመታት ከም መስጊድ ኩይኑ ዝጸንሐ ህንጻ፡ ኣብ 1992 ኣመንቲ ሂንዱ ምስ ኣቃጸሉዎ ብዝተላዕለ ግጭት፡ ኣስታት 2 ሽሕ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ምንጭታት ይዝክሩ።

ኣመንቲ ሂንዱ፡ እቲ መስጊድ ኣብ ልዕሊ ናይ ቀደም ቤተ-ጣኦት ዝተሰርሐ ምዃኑ እዮም ዝገልጹ።

# ቦሊቭያ - ንምብታኹ ኣብ ዘጸግም ዓንኬል ዕግርግር



ፕረዚደንት ቦሊቭያ ኢቮ ሞራለስ፡ ሃገር ንምርግጋእ ናብ ሜክሲኮ ምስ ተሰደ፡ ድሕሪኡ ስልጣን ንዝሓዘት ጀኒን ኣኔዝ ብምቅዋም፡ ደገፍቲ ሞራለስ ኣብ ሓያሎ ከተማታት ቦሊቭያ ተቓውሞ የካይዱ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ጀኒን ኣኔዝ ኣብ ዝቕልጠፈ ግዜ ምርጫ ከም ዝካየድ እኳ እንተገለጸት፡ ንሞራለስ ክድግፍን ክመርጽን ዝጸንሐ ህዝቢ ይቃወም ከምዘሎ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ኣብ 2006 ብዝተኻየደ ምርጫ ስልጣን ዝተረከበ ኢቮ ሞራለስ፡ ንራብዓይ ግዜ ኣብ ምርጫ ምስ ተዓወተ፡ ተቓወምቱ ናዕቢ ኣልዒሎም ክወርድ ከም ዘገደድዎ ይግለጽ።

ንሞራለስ ዝድግፉ ህዝቢ፡ "ውግእ ሓድሕድ ሕጂ ይጀመር!" እናኣቃለሓ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ተጓዒዞ ተቓውሞ ኣብ ዘስምዕሉ ዝበረ እዋን፡ ፖሊስ ብዝነበዕ ጋዝ ክከላኸል ከምዝፈተነ ተፈሊጡ።

ብደገፍቲ ኢቮ ሞራለስ ኣብ ዝተዓበለለ ክልቲኡ ባይቶ ዝርከቡ ወከልቲ፡ ሓዳስ ፕረዚደንት ሕጋውነት ከምዘይብላ ምስ ሓበሩ፡ ኣብ ሓያሎ ከተማታት ተቓውሞ ደለዓል ምህላዉ ምንጭታት ኣረዲኦም።

ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ምክትል ሓላፊት ዝነበረት ጀኒን ኣኔዝ፡ መሰጋገሪ ፕረዚደንት ምዃና ድሕሪ ምእዋጃ፡ ሓድሽ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ከም ዝመረጸት ጸብጻባት ሓቢሮም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ገነት | 15/11/2019 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565